
# ሓሶት እንተተደጋገመ ሓቂ ከይመስል

## ረፈረንደም እውን ወፍሪ ጥምዘዛ ታሪኽ ኣረኺኺቡሉ !




ሰረበ እስቲፋኖስ

*ኣብ ዝሓለፈ መዋእል፡ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ታሪኽ እናጠምዘዙን ልቢ ወለድ ታሪኽ እናፈጠሩን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ሃገር ኣልቦ ክገብሩዎ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኣታሊሎም ናብ መጋርያ ኵናት ክጠብስዎ ብዙሕ'ዮም ሃሊኾም። እዚ ጥምዘዛ ታሪኽን ናይ ሓሶት ድርሳናትን ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ እውን ኣየብቀዐን። ነቲ ኤርትራዊ ናጻ ህዝብን ሃገርን ከምዝነበረን ከምዝኾነን ብቓልሱን መስዋእቱን ደጊሙ ዘረጋገጸ ሓቂ፡ ብመገዲ ጽሑፋቶም ኣቢሎም ክብርዝዎ ዝከኣሎም ይጽዕሩ ኣለዉ። ብሓጺሩ ሃገርን ታሪኽን ዘይብሉ ሕብረተሰብ ገይሮም ክቐርጹዎ ህርዲግ ምባል ኣይገደፉን። እቲ ቅድም፡ ብገዚፍ ወተሃደራዊ ዓቕሚን ናይ ሓሶት ድርሳናትን ዘይሰመረ ዕላማ ጥምዘዛ ታሪኽ፡ ሕጂ ድሕሪ ስዕረት ብመገዲ ብርዕታቶም ኣቢሎም ክቕጽልዎ ንዕዘብ ኣለና። ኣብዚ ወፍሪ ጥምዘዛ ታሪኽ'ዚ፡ ዓቢ ግደ ክጻወቱ ዝጸንሑን ዘለዉን ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲን ምሁራትን ኣለዉ።*

*እቲ ኣብዚ እዋን'ዚ ገለ ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ወይ ፖለቲከኛታት ንታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዘይመልከዑ ብምሃብ ዘካይዱዎ ዘለዉ ቃልሲ ቅየራ ታሪኽ፡ ብሓፈሻ ናብ ህዝቢ ኢትዮጵያ (ብፍላይ ድማ ናብቲ ሓዲሽ ኢትዮጵያዊ ወለዶ) ዝቐንዐ እዩ። እቲ ወፍሪ፡ መቐጸልታ ናይቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣእምሮኡ ብዘይ ሕቶ ክኽዝኖ ንነዊሕ ዓመታት ዝተኻየደሉ ወፍሪ ስርጸተ ግጉይ ታሪኽ እዩ። እዚ ብኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ደይ መደይ ኢልካ ብቐጻሊ ዝካየድ ምትሕልላኽን ምጥምዛዝን ታሪኽ'ዚ፡ ብወገን ኤርትራውያን ከምቲ ዝድለ ዝግበኦ መልሲ ኣይወሃቦን እዩ። ልክዕ'ዩ፡ ስቕታ ወይ ርዝነት ኣብ ገለ እዋናት መልሲ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ይኹን'ምበር ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ብውህደት ዝግበር ወፍሪ ምህሳስን ምብራዝን ታሪኽ፡ መልሰ-ግብሪ ዘይምርኣይ ሳዕቤኑ ቀሊል ከይከውን ይኽእል እዩ። ድሕሪ ስዕረት ኢጣልያ ኣብ 1940ታት፡ መጻኢ ዕድል እተን ኣብ ትሕቲ ኢጣልያ ዝነበራ*

ሃገራት ንኽውሰን ክርክር ኣብ ዝተላዕለሉ እዋን ስርዓት ሃይለስላሰ 'ኤርትራ ብታሪኽ ዘይትንጸል ኣካል ኢትዮጵያ እያ' ዝብል መጐተ እዩ ኣቕሪቡ ነይሩ። እዚ መጐተ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ጸሓፍቲ ዓቢ ጽልዋ ከምዝነበሮ ባይሩ ታፍላ (Bairu Tafla. Interdependence through Independence: The Challenges of Eritrean Historiography. 1994.) ይገልጽ። ባይሩ ኣብ ጽሑፉ፡ እቲ ኢትዮጵያ ዝሓዘቶ መርገጺ፡ ኣብ ልዕሊ ጸሓፍትን ጋዜጠኛታትን ነባሪ ጽልዋ ከምዘሕደረን ዝበዝሑ ድማ ነቲ መጐተ ብዘይ ገለ ሕቶ ከምዝተቐበሉዎን ድሕሪ ምምልካት፡ እቲ መርገጺ ጸላዊ ስለዝነበረ፡ ካብኡ ዝፍለ ዝኾነ ንእሽቶ ርእይቶ እንተቐሪቡ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ዝነበሩ ፍሉጣት ጸሓፍቲ ስንባደ ይፈጥር ከምዝነበረ ይገልጽ። ቀጺሉ ባይሩ ከምዚ ዝስዕብ ይውስኽ፤ "ነቲ ኤርትራ ዘይትንጸል ኣካል ናታቶም ግዝኣት ነይራ ዝብል እማመ ናብ ጠረጴዛ ዘቕረበ መንግስቲ ኢትዮጵያ እንተነይሩ፡ ዓቐን ናይቲ እማመ ክንፋሕን ኣብ ጽሑፍ ክስረትን ዝገበሩ ድማ እቶም ጸሓፍቲ'ዮም ዝነበሩ።"

ሓሶት እንተ ተደጋጊሙ፡ ኣብ ልዕሊ ሓፋሽ ህዝቢ ጥራሕ ዘይኰነ ኣብ ልዕሊ ምሁር'ውን ዘሕድሮ ጽልዋ ቀሊል ከምዘይኰነን ጸሓፍቲ ንሓደ ነገር መጢጦም መጣጢጦም ነባሪ ክገብሩዎ ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ ምዃኑን ካብ ጽሑፍ ባይሩ ምርዳእ ይከኣል። ኩሉ ዝምስክሮ ሓቂ፡ ህዝቢ ኤርትራ ተወዲቡ ህይወት ዝጠልብ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ብምክያድ፡ ሃገርን ታሪኽን ምውሓስ ከምዝከኣል ኣመስኪሩ'ዩ። ሕጂ'ውን ነቲ ዝሰርሖ ታሪኽ፡ ንመጻኢ ወለዶ ክስንዶ ምእንቲ፡ ካልእ ዝከኣል ግን ከኣ ከቢድ ቃልሲ ይጽበዮ ኣሎ። ስለዚ ነቲ ዝግበር ዘሎ ወፍሪ፡ ብውሑዱ መልሲ ክህበሉ ዝግባእ እዩ። ንዘዝተባህለን ዘዝተጻሕፈን መልሲ ጥራሕ ኣብ ክንዲ ምሃብ ግን፡ ንሕና'ውን ባዕልና ቀለስቲ ናይቲ ጉዳይ ኮይንና፡ ታሪኽና ህዝቢ ዓለም፡ ብፍላይ ኢትዮጵያውያን፡ ብልክዑ ክርድእዎ ከይሰልከና እቲ ሓቂ ክንነግሮም ይግባእ'ዩ። እዚ ዕማም'ዚ እንተተኻኢሉ ኩሎም እቶም ክፈልጡዎ ዘለዎም ወገናት ብዝርድኡዎ ቋንቋ ከነሰላስሎ ተመራጺ እዩ። እዛ ጽሕፍቲ በዚ ዕላማ'ዚ ዝጸሓፍኩዋ ኮይና ናይታ ኣቐድም ኣቢለ ብቋንቋ ኣምሓርኛ ዘዳለኹዋ ዘይተሓትመት ዓንቀጽ ትርጉም እያ። ገለ ገለ ካብቶም ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ፡ ምሁራት፡ ወይ ፖለቲከኛታት ዘይመልክዮም እናሃቡ ክጽሕፉሎም ወይ ክዛረቡሎም ዝረኣዩ ጉዳያት ነዞም ዝስዕቡ ምጥቃስ ይከኣል፤ ፌደረሽንን ኣፈራርሳኡን፡ ውድቀት ሰራዊት ደርግ፡ ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ዝተፈጸሙ ግፍዕታት፡ ህላወ ሓባራዊ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት፡ ውዕለት ስርዓታት ኢትዮጵያ ንኤርትራውያን፡ ጉዳይ ረፈረንደም. . . ወዘተ። ገለ ጠምዘዝቲ ታሪኽ ኢትዮጵያውያን ምሁራት ብግጉይ መገዲ ክዛረቡሉ ካብ ዝጸንሑ ጉዳያት ሓደ፡ ንመስርሕ ረፈረንደም ኤርትራ 1993 ዝምልከት እዩ። ሕመረት መልእኽቲ ናይቲ እዞም ጸሓፍቲ ዘቕርቡዎ ዝንቡዕ ታሪኽ፡

‘ረፈረንደም ኤርትራ ግቡእ ወይ ሕጋዊ መስርሕ ዝተኸተለ ኣይነበረን’ ዝብል እዩ። ሓደ ካብቲ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ንምድንጋር ዘቕርብዎ ምህሙን ምጉት ድማ፡ ኣብ እዋን ረፈረንደም ንህዝቢ ኤርትራ ዝቐረበሉ ሕቶ “ናጽነትዶ ይሕሸካ ወይስ ባርነት? ዝብል’ዩ ነይሩ” ዝብል እዩ።

ነቶም ንሓቀኛ ታሪኽ ጕስዮም ብዘይሕንከት ግጉይ ታሪኽ ዝጽሕፉ ወይ ዝጽሓፉ መልሲ ቅድሚ ምሃበይ፡ ንረፈረንደም ኤርትራ 1993 ዝምልከት ንእሽቶ ድሕረ-ባይታ ምቕራብ ኣድላዪ ይመስለኒ። ኣብ 1991 ኤርትራ ናጻ ምስ ኰነት፡ ግዜያዊ መንግስቲ ኤርትራ፡ ህዝቢ ኤርትራ መጻኢ ዕድሉ ባዕሉ ንኽውስን፡ ኣብ 7 ሚያዝያ 1992፡ ኣዋጅ ረፈረንደም ከምዘውጽአ ይፍለጥ (ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ https://www.refworld.org/docid/3df4be300.html) ናጽነት ንምእዋጅ ከይተሃወኸ ድማ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ከምዝዀነ ህዝቢ ዓለም ክፈልጦን ኣፍልጦ ክህቦን ምእንቲ፡ ረፈረንደም ካብ 23-25 ሚያዝያ 1993 ክካየድ ወሲኑ። ኮሚሽን ረፈረንደም፡ ካብ 600 ንላዕሊ ኣህጉራውያንን ዓለምለኻውያንን ተዓዘብቲ ብምዕዳም ሃገራውን ዓለማውን መዐቀኒታት ዘማልአ መስርሕ ብምኽታል’ዩ ነቲ ታሪኻዊ መስርሕ ምሃብ ድምጺ ኣካይዱዎ። እቶም መምዘኒታት እንታይ ይመስሉ ከምዝነበሩ፡ ነዞም ዝስዕቡ ክልተ መግለጺታት ረፈረንደም ምጥቃስ ጥራይ፡ ንጹር ስእሊ ንምሓዝ ይሕግዝ’ዩ። ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ ትርጕም ረፈረንደም እንታይ ከምዝመስል ክገልጽ ከሎ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፦ ረፈረንደም ህዝቢ ብዛዕባ መጻኢ ዕድል ሃገሩ ንምውሳን፡ ብዘይገለ ምትእትታዋትን ተጽዕኖን ብቐጥታ ዝሳተፈሉ ኣገባብ እዩ። ስለዝዀነ ድማ ረፈረንደም፡ ናይ ብዙሓት ድሌት ዝሓቁፍ ምስ ደሞክራሲያዊ ሕቶ ዝተኣሳሰረ ክብ ዝበለ ዲሞክራሲያዊ ተግባር እዩ። ንረፈረንደም ልዑል ዝገብሮ፡ እቲ ጉዳይ ውሳነን ቈላሕታ ዘድልዮን ምስ ዝኸውንን ሕጋዊነቱ ድማ ዝዓዘዘ ምስ ዝኸውንን እዩ። (ገጽ 3-4) ‘የማርክሲዝም ሌኒኒዝም መዝገበ ቃላት’ ዝብል ማህደረ-ቃላት ‘ረፈረንደም’ ንዝብል ቃል፡ ‘ሕዝባዊ ውሳነ’ ኢሉ ተርጒሙዎ ይርከብ።

ኣስዒቡ’ውን ከምዚ ይብል፡- ኣብ ሓደ ሃገር ዕብይ ንዝበሉ ጉዳያት፡ ቅዋም፡ ሕግን ካልኦት ፍርይ ፍርይ ንዝበሉ ሃገራውያንን ኣህጒራውያንን ጉዳያት ማእከል ዝገበረ ፖሊሲ ወይ ድማ መትከል እንክርከብ፡ ብድምጺ ህዝቢ ናይ መወዳእታ ውሳነ ዝረኽበሉ ኣሰራርሓ እዩ። ብዛዕባ ኣፈጻጽማ ውሳነ ረፈረንደም ብደረጃ ዓለም ናይ ሓባር መርገጽታትን ኣረኣእያታትን እኳ እንተለዉ፡ ዝካየደሉ ኵነታትን ኣብ ኣፈጻጽምኡ ክኽተሎም ብዛዕባ ዝግባእ መስርሕን ብመሰረት ናይ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ሕጊ ይውሰን። (ገጽ 21) ረፈረንደም ኤርትራ 1993 እምበኣር፡ ነዞም ተገሊጾም ዘለዉ ቅቡላት መግለጺታት ረፈረንደም

ተኸቲሉን ኣኸቢሩን ዝተኻየደ ምንባሩ፡ ቀጺሎም ብዝቐርቡ ጭብጥታት ተረጋጊጹን ተመስኪሩሉን እዩ። እቲ ናይ ሽዑ ረፈረንደም፡ መቐጸልታን መፈጸምታን ናይቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ እዋን ቃልሲ ንናጽነት ብ22/11/1980 ኣውጺኡዎ ዝነበረ በዓል ሽውዓት ነጥቢ እማመ ረፈረንደም እዩ ነይሩ። ነዚ ኣመልኪቱ ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ ከምዚ ዝስዕብ አስፊሩ ይርከብ፡- ኣብዚ ሓድሽ ናይ ዓወትን ነጻነትን ኩነታት ኤርትራ፡ ኣገዳስነት መስርሕ ረፈረንደም ኣብ ክልተ መሰረት ይቐውም፡ እቲ ቀዳማይ ቅድሚ 12 ዓመት ዕቱብ መትከል እማመ ረፈረንደም ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዘረጋግጽን፡ እቲ ካልኣይ ድማ ጉዳይ ኤርትራ ብወተሃደራዊ መልክዕ ዕልባት'ኳ እንተረኸበ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብመሰሉ ተጠቒሙ ነቲ ዝተጐናጸፎ ዓወት ሕጋዊ መልክዕ ዘልብሰሉ እዩ። (ገጽ 5) ረፈረንደም ኤርትራ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ቍጽርን ዓይነትን ዝነበሮም ተዓዘብቲ ኣብ ዝነበሩሉ እዩ ተኻይዱ።

ነቲ ኣፍሪቃውያን፡ ምርጫታት ንምዕዛብ ትጉሃት ኣይኮኑን ዝብል ርድኢት ንምምካት፡ ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ እቲ ክካየድ ተወጢኑ ዝነበረ ረፈረንደም፡ ብዓይነቱ ፍልይ ዝበለ ንምግባሩ ከምዝተበገሰ ይገልጽ'ሞ ከምዚ የስዕብ፦ . . . ከም ሳዕቤን ናይዚ ከኣ፡ ረፈረንደም ኤርትራ ሓደ ካብቶም ኣብ ዓለም ዝለዓለ ትዕዝብቲ ዝረኸቡ ረፈረንደማት ንምግባሩ ወሰነ። ስለዚ ከኣ፡ መንግስታት፡ ዞባውያን ውድባት፡ ዘይመንግስታውያን ውድባት (ብቐንዱ ውድባት ሰብኣዊ መሰላትን ሰብኣውያን ማሕበራትን ዘጠቓልል)፡ ምሁራት፡ ውሩያት ውልቀሰባትን ኣህጉራዊ መራኸቢ ብዙሓንን ናብ ዝርከቡዎ ብዙሕ ዝዓይነቶም ተዓዘብቲ ዳርጋ 600 ዕድመታት ተሰዲዱ። ብዘይካ'ዚ ኮሚሽን ረፈረንደም ወግዓዊ ዕድመ ካብ ዘይለኣኸሎም ውልቀሰባትን ውድባትን ዝቐርብ ምልክታ ከይተረፈ መርሓባ እናበለ ይቕበል ነይሩ። ዝኾነ ከምዚ ዝበለ መመልከቲ ኣይነጸገን። ብሓቂ'ኳ ድኣ፡ ኮሚሽን ረፈረንደም፡ ካልእ ይትረፍ ነቶም ሓደ ወይ ክልተ መዓልቲ ቅድሚ ምጅማር ምድማጽ ከየፍለጡ ብሃንደበት ዝመጽኡ በጻሕቲ'ውን ይቕበልን መዓርፎ ይረኽበሎምን ነይሩ እዩ። 547 ተዓዘብትን 137 ኣባላት ኣህጉራዊ መራኸቢ ብዙሓንን ዕድመታት ኮሚሽን ረፈረንደም ተቐቢሎም። (ገጽ 48-49) ሰሌዳ ተመልከት። መስርሕ ምሃብ ድምጺ ክልተ ወይ ሓደ መዓልቲ ክሳዕ ዝተርፎ፡ ሃንደበት ንዝመጽኡ ተዓዘብቲ ጠለባቶም ከማልኣሎም ምኽኣሉ፡ ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ ክሳዕ ክንደይ ነቲ ስራሕ ብዕቱብ ሒዙዎ ከምዝነበረ ዘነጽር እዩ። ንኣብነት፡ ኣብዚ ቀሪቡ ዘሎ ሰንጠረዥ ከምእንዕዘቦ፡ እቲ ኮሚሽን ቅድሚ ነሓሰ 1993 ኣብ ዘውጽኦ ቡለቲን (20 ሚያዝያ) ቍጽሪ ተዓዘብቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት 121 ዝነበረ፡ ኣብቲ ናይ ነሓሰ ናይ መወዳእታ ጸብጻቡ ግን፡ ናብ 123 ደይቡ ንረኽቦ። ብተወሳኺ ኣብቲ ቡለቲን 90 ጋዜጠኛታት ነይሮም ዝበሎም፡ ኣብቲ ናይ መወዳእታ

ጸብጻቡ ግን፡ 133 ኣስፊሩ ንረኸቦ። (ልዕሊ ኣርብዓ ሓደስቲ መጺኦም ማለት'ዩ)። እዚ ሓቂ'ዚ፡ እቲ ጠለባት ናይ ተዓዘብቲ ማዕረ ክንደይ ብዝሒ ከምዝነበሮን ብኡ ምኽንያት ድማ፡ እቲ ስራሕ ክሳብ ክንደይ ኣድካሚ ምንባሩን ዘርኢ እዩ። ነቲ ዝርዝር ምስ እንምልከት፡ እቲ ስእሊ ነዚ ዝስዕብ ይመስል፦ (ምንጪ 1. ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ ቡለቲን ረፈረንደም፡ (20 ሚያዝያ 1993)፡ ኣጋይሽ ኤርትራ ኣትዮም፡ ቍ 7፡ ገጽ 2-3። 2. ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ (1993)፡ ረፈረንደም‘93፡ ህዝቢ ኤርትራ መጻኢ ዕድሉ ይውስን።) ስለዚ፡ ረፈረንደም ኤርትራ 1993 ብዘአንገዶም ዓይነትን ብዝሕን ተዓዘብቲ ዝድነቕ እዩ ነይሩ። ብዘይካ'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተገብረ ምሃብ ድምጺ፡ ኣብ 41 ሃገራት ዓለም'ውን ተኻዪዱ ነይሩ።

ሓንቲ ካብኣተን ረፈረንደም ኤርትራ ዘአንገዳ ሃገራት ኢትዮጵያ ባዕላ እያ ነይራ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበራ መውሃቢ ድምጺ ነቑጣታት 11 ክኾና ከለዋ፡ ኣብ አዲስ አበባ፡ ጎጃምን ሃረርን ሰሰለስተ፡ ኣብ ናዝሬት ድማ ክልተ ነቑጣታት ነበራ (ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ)። ከምኡ'ውን፡ ረፈረንደም ኤርትራ እሱራት'ውን ዝተሳተፉዎ መስርሕ ከምዝነበረ ይፍለጥ (ከማሁ)። ስለዚ ረፈረንደም ኤርትራ ነዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሃገራውን ዓለምለኻውን መለክዒታት ብዘማልአ ኩነታት እዩ ተኻዪዱ። ክንዲ ዝኾነ ማሕበረሰብ ዓለም ዝፈቐዶን ንቕሉዕነት ኣፈጻጽምኡ ምስክርነቱ ዝሃበሉን ጥራይ ዘይኮነ ልዑል ናእዳ ዝረኸበ ኣደናቒ መስርሕ ኮይኑ'ዩ ኣብ ታሪኽ ዓለምና ተመዝጊቡ ዝርከብ።

ባዕላዊ ሓቂ ብምፍጣር፡ ዳግማይ ንገዛእ ህዝቦም እናታለሉ፡ ናብ ዝሽፍአ ዓዘቕቲ ክሸምዎ ዝፍትኑ ኢትዮጵያውያን ምሁራት፡ ዘይነቕሑ ኣንቃሕቲ (ኣክቲቪስት)፡ መደርትን ፖለቲከኛታትን ብቑጽሪ ሒደት ዘይምኳኖም ዘሕዝንን ስክፍታ ዝፈጥርን እዩ። ገለ ካብቶም ንረፈረንደም ኤርትራ ዘይመልከዑ ብምሃብ ንሓድሽ ኢትዮጵያዊ ወለዶ ከደናግሩ ዝፍትኑ፡ ኮሎኔል ኣስናቀ እንግዳ፡ ፕሮፌሰር ደረጀ ዘለቀ፡ ታየ ቦጋለ፡ ጋዜጠኛ አበበ ገላው፡ ጋዜጠኛ ኤርሚያስ ለገሰ . . . ወዘተ. ብኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። ኮሎኔል ኣስናቀ እንግዳ (ሸክም የማይከብደው ሕዝብ - ዋሺንግተን ዲሲ1994 ዓ.ም፡) ኣብ ዝብል መጽሓፎም ገጽ 288 ከምዚ ዝስዕብ መስደመም ጽሒፎም ኣስፊሮም ኣለዉ፦ “ኣብቲ ናጽነት ወይ ባርነት ዝብል ናይ ሻዕቢያ ናይ ይምሰል ምርጫ (ሬፌሬንደም) ዝተዳለዋ ኽልተ ሳጹናት፡ እታ ሓንቲ ናጽነት እታ ካልአይቲ ድማ ባርነት ዝብላ ከም ዝነበራ ይፍለጥ። ኣብታ ናይ ናጽነት ሳጹን ዝኣቱ፡ ኤርትራ ተነጺላ ናይ ገዛእ ርእሳ መንግስቲ ከተቕውም ዝብል ክኸውን ከሎ፡ ኣብታ ባርነት ትብል ድማ፡ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ባርነት ምንባር ዝብል ምኳኑ ንጹር እዩ።” ረፈረንደም

ኤርትራ ናይ ትግሊ ግለት ናይ ቅድሚ 31 ዓመት ፍጻመ እዩ። ከምቲ ጽውጽዋያዊ ታሪኽ ሰለስተ ሽሕ (3000) ዓመት ሃገረ ኤርትራ ከም ድላይካ ገይርካ ክትዛረበሉ ዝከኣል ኣይኮነን። ብ'ክኸውን ይኽእል'፡ ብ'ኮንዶኾን?'፡ ሰረበ እስቲፋኖስ ብ'ምናልባት' ዝግለጽ፡ ንጠምዘዝቲ ታሪኽ ምሁራን ዕድል ዝህብ ፍጻመ ኣይኮነን። ንጹርን ጭቡጥን ብኹሉ መልክዓት ስኑድን ዓለም ብዓለሙ ዝፈልጦን ዝተዓዘቦን ስለዝኾነ ማዕጾኡ ንእንተታት ርጉጥ እዩ። ምስ ህየቱን መርትየታቱን ዘሎ፡ እቶም ብህይወት ዘለዉን ዝሸምገሉን፡ እቶም ሽዑ ከምዚ ከማይ ዕድመ ዕስራታት ዝረገጽናን ኣብቲ መስርሕ ዝተሳተፍናን ብንጹር ክንምስክረሉ እንኽእል ስለዝኾነ፡ ከደናግር ንዝፍትን ዝኾነ ወገን ዕድል ዝኸፍት ኣይኮነን። ብሓጺሩ፡ ሃገግትኡ ክሳዕ ሕጂ ስለዘሎ፡ ጥርጣረ ንምዝራእ ዝምችእ ኣይኮነን። ኣብ ረፈንረደም ንህዝቢ ኤርትራ ዝቐረበሉ ሕቶ ከምቲ ኵለኔል ኣስናቀ ዝበሉዎ ኣይነበረን።

ናብቲ ሓቀኛ ታሪኻዊ ሕቶ ምስ እንምለስ ኣብቲ እዋን'ቲ ንህዝቢ ኤርትራ ዝቐረበሉ ሕቶ፡ 'ኤርትራ ናጻን ልኡላዊነት ዘለዋን ሃገር ክትከውን ትድግፍዶ?' ዝብል እዩ ነይሩ። (እንድርያስ እሸቴ Andreas Esheté. (1994) Why Ethio-Eritrean relations matter: ፥ ቶም ኪልየን Killion, T. Historical Dictionaary of Eritrea. Scarecrow Press, INC. London.1998፥ ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ 1993)። እተን ምርጫታት ድማ፡ 'ኣይፋል'ን 'እወ'ን ዝብላ'የን ዝነበራ። ስለዚ፡ ኣብቲ ካብ 23-25 ሚያዝያ 1993 ዝተገብረ ረፈረንደም፡ ኤርትራውያን 'እወ፡ ኤርትራ ናጻን ልኡላዊነት ዘለዋን ሃገር ክትከውን እድግፍ'የ' ወይ 'ኣይፋል፡ ኤርትራ ናጻን ልኡላዊነት ዘለዋን ሃገር ክትከውን ኣይድግፍን'የ' ናይ ምባል ክልተ ዕድላት ነይሩዎም። ኣብ መወዳእትኡ ድማ፡ 99.8% 'እወ' ብምምራጽ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብደሙን ድኻሙን ዘረጋገጾ ናጽነት፡ ብድምጹ ደጊሙ ኣውሓሶ። ስለዚ እቲ ንኤርትራውያን ዝቐረበሎም ሕቶ፡ 'ናጽነትዶ ወይስ ባርነት' ዝብል'ዩ ነይሩ ዝበሃል ዘሕንኽ ዛዕባ፡ ብዕምቈት ክረአ ይግብኦ። ከምዚ ኢሎም ብትዕቢት ዝጽሕፉ ሰባት፡ ተግባራቶም ንገዛእ ነብሶም ኣብ ሚዛን ሕልና ብምቕማጥ፡ ዕርቃኖም ካብ ምውጻእ ሓሊፉ፡ ካልእ ዝምልኣሎም ነገር የለን። እቲ ከምኡ ክብሎም ዝኽኣለ ምኽንያት፡ ብሓቂ ስእነት ሓበሬታ ክኸውን ይኽእል'ዩ ከይብሃል፡ ነቲ ፍጻመ ዝሓዙ ሰነዳት፡ ገና ኣብ ቀረባ እዮም ዝርከቡ። ንኣብነት፡ ነቲ ናይ ረፈረንደም ፍጻመ ዝተዓዘቡ 11 ኢትዮጵያውያን ጋዜጠኛታት ነይሮም እዮም። እዞም ዝጥቀሱ ዘለዉ ጸሓፍቲ፡ ንህዝቦም ከታልልዎ ዘይኮነ ሓቂ ክገልጹሉ ድልየት እንተዝነብሮም፡ ብቐረባ ነዞም ጋዜጠኛታትን ንናይ ኢትዮጵያ ጉጅለ ተዓዘብትን ክውከሱ ይኽእሉ ነይሮም'ዮም። እቶም ሽዑ ኣብ ረፈረንደም ኤርትራ ተዓዘብቲ ኮይኖም ዝተሳተፉ ኢትዮጵያውያን ጋዜጠኛታት

እዞም ዝስዕቡ'ዮም ነይሮም፤ (ምንጪ፡ ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ. (1993). *ረፈረንደም '93፡ ህዝቢ ኤርትራ መጻኢ ዕድሉ ይውስን።*) እቶም 11 ኢትዮጵያውያን ጋዜጠኛታት ብሚእታዊ ክረኣዩ ከለዉ፡ 8.3% ናይቶም ንመስርሕ ረፈረንደም ኤርትራ ዝተዓዘቡ 133 ጋዜጠኛታት እዮም ዝነበሩ። እዚ ቀሊል ቊጽሪ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ነዚኣቶምን መርትዖታት ተሳተፍትን ዘይምጥቃም ማለት፡ ብውሑዱ ክልተ ምኽንያታት ክህልዉዎ ይኽእሉ'ዮም።

እቲ ጸሓፊ ወይ በሃሊ፡ ሰነዳት ከይገናጸል ስንፍና ኣጥቂዑዎ ኣሎ ወይ ድማ ጭብጥታት እናሃለዉዎ ኮነ ኢሉ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከደናግርን ኣብ ዕግርግር ከንብሮን ታሪኽ ኣዘንቢዑ ክቕርበሉ ደልዩ ኣሎ። እቲ ምኽንያት፡ ስንፍና እንተኾይኑ ጉድለት ሞያዊ ስነምግባር ክኸውን እንከሎ፡ ደይ መደይ ኢልካ ንምድንጋር እንተኾይኑ ግን ንሓደ ታሪኻዊ ፍጻመ ብምኽሓድ ክወቕዖ ዝደለየ ዕላማ ኣለዎ ማለት እዩ። በቲ ኮይኑ በቲ ግን ግቡእ መልሲ ክወሃበሉ ግድን ይኸውን። ቀዳማይ፡ 'ናጽነትዶ ወይስ ባርነት' ዝብል ምርጫ፡ ንሓደ ትርጒሙ ዘይርደኦ ህጻን ወይ ድማ ጸገም ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ እንተዘይኰይኑ፡ ንህዝቢ ዝኣክል ከም ሕቶ ምቕራቡ ይከኣል እዩ ኢልካ ምሕሳብ ንባዕሉ ትዕቢት፡ ንዕቀት፡ ወይ ድንቁርና እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ስም ክወሃቦ ኣይክእልን። ከምዚ ዓይነት ሕቶ፡ ይትረፍ ነቲ ንዘመናት ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈለ ህዝቢ ኤርትራ፡ መግዛእቲ እንታይ ምዃኑ ንዘይፈልጥ ህዝቢ'ኳ ዝሕተት ኣይኮነን። ከምዚ ኢልካ ሓቲትካዮ ባርነት'የ ዝደሊ ዝብል መልሲ ዝህብ ጥዑይ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ ክህሉ ኣይክእልን'ዩ። እምበር'ከ፡ ከምኡ ኢሉ ንህዝቢ ክሓትት ዝደፍር ኣካል ይርከብዶ? እዚ ንሓታቲን ተሓታቲን ኣእምሮ ከምዘይብሎም ኣምሲልካ ምስትንዓቕ ጥራይ እዩ። ከምዝፍለጥ ህዝቢ ኤርትራ መስተውዓሊ፡ ስልጡንን ፈሪሃ እግዚኣብሄር ዘለዎን ህዝቢ እዩ። ብ1991፡ ናጽነቱ ብጽንዓቱ፡ ድኻሙን መስዋእቱን ምስ ተጐናጸፈ፡ መጻኢ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቶም ንዘመናት ዘሳቐዩዎ ዝነበሩ ምሩኻት ወተሃደራት፡ ሰባዊ ክብሮም ብምሕላው፡ (ልክዕ ከም ኣብ እዋን ቃልሲ) ከብዱ ገዲፉ ክዕንግሎምን ሞራል ብምሃብ ተስፋ ከስንቖምን እዩ ተራእዩ (ብመሰረት ጸብጻብ ቶም ኪልየን ካብ 1989 ክሳዕ 1992 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ካብ 137,400 ንላዕሊ ኢትዮጵያውያን ምሩኻት ከምዝተፋነዉ ይፍለጥ፣ ካብዚኣቶም እቶም 86,900 ድሕሪ ናጽነት ዝተፋነዉ እዮም ነይሮም)።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቶም ምሩኻት ተስፋ ሂቡ ንጽባሕ ከቋምቱን ምስ ዘፍቅሩዎም ስድራኦም ክራኸቡ ምኽኖምን ኣረጋጊኡ፡ ብርሃን ዝሃቦም ብሩኽ ህዝቢ እዩ። ከምኡ ክገብር ከሎ፡ እቶም ንበረኻ ዘፋነዎም ደቂ ተሰዊኦም ክኾኑ ከምዝኽእሉን

ኣብ ቀረባ መጻኢ ዜና መሰዋእቶም ክንገሮ ከምዝኾነን እናተረድኦ ከሎ'ዩ። ደቂ ውሒጦም ከም ዝመጽኡ ጸላእቲ ዘይኮነስ፡ ኣብ ሓደ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ግጉይ መስመር ዝተሰለፉ ግዳያት ግጉይ ፖሊሲ ዝኾኑ ንጹሃት ፍጥረታት ገይሩ ብምጥማት፡ "ኣነ ወላድ-መኻን ኮይነ፡ ወለዶም ከምዚ ከማይ እንተኾኑ እንታይ ፋይዳ ኣለዎ?" ብዝብል ቅዱስ መንፈስ ተገዚኡ እዩ ነናብ ዓዶም ብኽብሪ ኣፋንዩዎም። ነዚ መስተውዓልን ለዋህን ህዝቢ፡ ኣብ ግዜ ረፈረንደም ዝቐረበሉ ሕቶ 'ናጽነትዶ ወይስ ባርነት' ዝብል'ዩ ነይሩ ምባል፡ ንገዛእ ነብስኻ ግዳይ ትዕቢትን ድንቁርናን ምግባር እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ እንታይ ክበሃል ይከኣል? ነዚ ኣርሒቑ ዝጥምት ህዝቢ፡ ብኸምዚ መልክዕ ከተነኣእስ ምፍታን ኣበይ ንምብጻሕ እዩ? እዚ ከምዚ ዓይነት መንፈስ፡ ካብቶም "ንነገራት ከገናዝቡ ይኽእሉ'ዮም" ዝበሃሉ ምሁራት ክመጽእ ከሎ ድማ'ዩ ዝያዳ ኣሻቓሊ ዝገብሮ። ስለዚ እታ ዝቐረበት ሓንቲ ሕቶ፡ ንናጽነትን ልኡላዊነትን ኤርትራ ምድጋፍ ወይ ዘይምድጋፍ ዝብል ሓሳብ እንተዘይኮይኑ፡ 'ባርነት' ዝብል ቃል ይኹን መንፈሱ፡ ኣብኣ ኣይነበረን።

እቲ ህዝቢ፡ ብዛዕባ ባርነት ከም ጉዳይ ዘልዕለሉ ምኽንያት'ውን ኣይነበሮን። ከም ህዝቢ፡ ናጽነት ዝግበኦ ህዝቢ ምዃኑ ኣሚኑ፡ ኣብ 1940ታት ዝጀመሮ ውዱብ ፖለቲካዊ ቃልሲ፡ ናብ ናይ 1960ታት ዕጥቃዊ ቃልሲ ከሰጋግሮ ዝኸኣለ ውሽጣዊ ሓርነት ስለዝነበሮ'ዩ። ስለዚ ዋላ'ኳ ደጋዊ ሓርነት እንተዘይነበሮ፡ ሓባራዊ ሃገራዊ መንነት ከምዝውንንን ዶባታ ፍሉጥ ዝኾነ ሃገር ከምዘላቶን ኣሚኑ ኣብ ርእሱ ሓርነት ስለዘንገሰን ንምሉእ ሓርነት ስለተንቀሳቐሰን ድማ፡ ብዛዕባ 'ባርነትን ዘይባርነትን' ከም ጉዳይ ዘልዕሎ ምኽንያት ኣይነበሮን። ኣቐዲሙ ኣብ ውሽጡ ዝሃነጾ "ኤርትራዊ እየ!" ዝብል ውሽጣዊ ሓርነት እንተዘይነብሮ፡ ንዘመናት ምስ ሓሳረ መከራ ተመሓዝዩ፡ ናጽነቱ ኣምበይመውሓሰን።

ካልኣይ፡ እቲ ኮሎኔል ኣስናቀ ዘልዓሉዎ ጉዳይ ምፍንጫልን ዘይምፍንጫልን፡ ምስቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝገበሮ ረፈረንደምን ቃልስን ዝጠዓዓም ስለዘይነበረ፡ ኣብቲ መስርሕ ብቓልን ብመንፈስን ዝእንገደሉ ምኽንያት ኣይነበረን። ህዝቢ ኤርትራ ክፍንጭል ወይ ክፈላሊ ኢሉ ንዘመናት ኣይተቓለሰን። ዝግበኦ ናጽነትን ሃገርን ዳግማይ ንምምላስ'ዩ ነይሩ ቃልሱ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ማንም ስለዘይተነጸለ፡ ኣብ ረፈረንደም ነዚ ቃል'ዚ ዘእንግደሉ ምኽንያት ኣይነበሮን። ኣስናቀ ከምኡ ዝበሉ፡ ኮሎኔል ስለዝኾኑ'ሞ ነቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ንዓሰርተታት ዓመታት ንህዝቢ ኤርትራ ከም ተተካኢ መጸውዒኡ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ 'ገንጣይ' 'አስገንጣይ' ዝብል ስያመ ስለዝናፈቑዎ'ዶ ይኾኑ ዘብል'ዩ። ሓደ ነገር ዝፍንጨል ወይ ድማ ዝፈላለ ብቐደሙ ተፈጥሮኣዊ ዝኾነ ዘጣብቕ

ነገር እንተነይሩዎን እቲ መጣበቒ እንተተኣልዩን እዩ። ካብ ፈለማ ንኤርትራን ኢትዮጵያን ዘጣብቕ ተፈጥሮኣዊ ነገር ምስተሳእነ፡ ንኽልቲኣን ብባህሪ ዝተጣበቓ ከምስሉወን ይኽእሉ'ዮም ተባሂሎም ዝተማህዙ ክልተ ነገራት ነይሮም። እቲ ሓደ መጣበቒ፡ ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዓወት ዝቐንዐን ኣርባዕተ ሓያላን ሃገራት ዝሰርሐኦ 'ፈደረሽን' ዝበሃል እዩ ነይሩ። እቲ ካልኣይ ድማ፡ ፈለማ ስርዓት ንጉስ ሃይለስላሰ ድሒሩ ድማ ስርዓት ደርግ ዝሰርሑዎ 'ሓይሊ' ዝበሃል መጣበቒ እዩ ነይሩ። እዞም ክልተ መላገቢ ነገራት፡ ሰብ-ሰርሖ (fake) ስለዝነበሩ፡ ዕምሮም ክሳዕ ዝወድቑሉ ዕለት (expiry date) ጥራሕ እዩ ነይሩ። እቲ ቀዳማይ ናይ ሓሶት መላገቢ ፈኹስ ስለዝነበረን ንጉስ ሃይለስላሰ'ውን ነቲ ጥምረት ስለዘይደለዩዎን ካብ ዓሰርተ ዓመት ንላዕሊ ዕምሪ ኣይነበሮን። እቶም ኣፍረይቱ ከምኡ ከም ዝኸውን  ብቐደሙ'ውን ይፈልጡ ስለዝነበሩ፡ እቲ መጣበቒ ምሰ'ልገሰ ምንም ኣይበሉን። እቲ ካልኣይ መጣበቒ ካብቲ ቀዳማይ ብሰለስተ ዕጽፊ ዝተርር ስለ ዝነበረ፡ ኢትዮጵያ ኣብ እንግድዓ ኤርትራ ተኾይጣ፡ "ልጉባት ኢና" ዝብል ድራማ ክትሰርሕ ሃቂና። እቲ ድርሰት፡ ድሕሪ ሰላሳ ዓመታት ዝወድቀሉ መዓልቲ ምስ ኣኸለ ድማ፡ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ጋህዲ ኮነ። እቶም ዘይባህርያዊ መጣበቒታት ኣፍርዮም ታሪኽ ክቕይሩ ዝፈተኑ ተዋሳእቲ ድማ፡ ነቲ ሓቂ ክቕበሉ ተገደዱ።

እቲ ኻልእ ንስብእና ኮሎኔል ኣስናቀ እንግዳ (ሸክም የማይከብደው ሕዝብ - ዋሺንግተን ዲሲ-1994) ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ፡ ንጽሑፎም ክብሪ ዝሸልኦ ነጥቢ፡ "ናጽነትን ባርነትን ዝብላ ክልተ ሳጹናት ነይረን" ዝብል ጽሑፎም'ዩ። እቶም ዘርከብናሉ ከምእንዝክሮ፡ ተዓዘብቲ እውን ሸዑ ከምዝመስከርዎ፡ ኣብ እዋን ምርጫ፡ ኣድማጺ ነታ መግለጺ ምርጫኡ ዝኾነት ካርድ "እወታ" ወይ "ኣሉታ" ከእትወላ ዝተዳለወት ሳጹን፡ ሓንቲ ጥራሕ እያ ነይራ። ወሃቢ ድምጺ፡ ነታ ዝመረጸ ካርድ (እወ ወይ ኣይፋል) ኣብታ ብሓጺን ዝተሰርሐት ሓንቲ ሳጹን እዩ ኣእትዩዋ ዝሸይድ ዝነበረ። ነታ ዘይመረጸ ካርድ (እወ ወይ ኣይፋል) ዘቐምጠላ ካልእ ብባኮ ዝተሰርሐት ሳጹን'ውን ነይራ እያ (ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ)።

ሓደ ድምጹ ዝህብ ሰብ፡ ናጻ ኲይኑ ምርጫኡ ብምስጢር ክፍጽሞ ስለዝነበሮን እንታይ መሪጹ ድማ ክፍለጥ ስለዘይነበሮን፡ ነታ ዘይመረጻ ካርድ ሒዙ ካብቲ መውሃቢ ድምጺ ነቕጫ ክወጽእ ኣይፍቀደሉን'ዩ ነይሩ። ስለዚ፡ ነታ ኣብ ናይ መምረጺ ሳጹን ዘየእተዋ ካርድ ('እወ' ክትከውን ትኽእል ወይ'ውን 'ኣይፋል') ኣብታ ናይ ባኮ ሳጹን ኣእትዩ እዩ ዝፋኖ ዝነበረ። ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ እቲ ናይ ድምጺ መውሃቢ መስርሕ ሓደ ድሕሪ ሓደ

ዝኸይድ ስሩዕ ደረጃታት ከምዝነበሮ ይጠቅስ። እቲ ጸብጻብ፡ ኣድማጺ ነታ መመዝገቢ ካርዱ፡ ነቶም ተቈጻጸርቲ ድሕሪ ምርኣይ፡ ድምጹ ሂቡ ክሳዕ ዝውድእ ዝነበረ መስርሕ፡ ብተርታ ገሊጹዎ ይርከብ (ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮምሽን ረፈረንደም ሕጥበ-ጽሑፍ 165-171)። እቲ መስርሕ፡ ኣድማጺ ኣብ ዝርዝር ኣድመጽቲ ከምዘሎ ብዘረጋግጽ ኣካይዳ'ዩ ዝጅምር። ነቲ ዝርዝራዊ ተርታ ሓሊፍና፡ ናብቲ ቀንዲ ኣገባብ ኣደማምጻ ምስ እንሰግር፡ እቲ ቅደም-ተኸተል ብኸምዚ ዝስዕብ መገዲ ይካየድ ነይሩ (ሕጥበ-ጽሑፍ 169-171)። ወሃብ ድምጺ ናይ መምረጺ ካርዱ ሒዙ ንበይኑ ኰይኑ ምርጫኡ ናብ ዝውስነላ ክፍሊ ይኣቱሞ፡ ነታ ካርድ 'ኣይፋል'ን 'እወ'ን ናብ ዝብላ ክልተ ክፋላት ዝፈላሊ ብነጠብጣብ ዝተዳለወ ቀዳዳት ዝነበሮ ወገና ብምሓዝ ናብ ክልተ ይመቕላ። ብድሕሪኡ ንኽልቲኣን ምርጫታት ሒዙ ካብታ ክፍሊ ብምውጻእ፡ ነታ ዘይመረጻ ካርድ ('ኣይፋል' ወይ 'እወ') ኣብታ ፈለማ ዝረኸባ ብባኮ ዝተሰርሐት ሳጹን የእትዋ። ቀጺሉ ነታ ዝመረጻ ካርድ ('ኣይፋል' ወይ 'እወ') ኣብታ ጥቓ መውጽኢ ማዕጾ ኣብ ዘላ ብሓጺን ዝተሰርሐት መውሃቢ ድምጺ ሳጹን ብምእታው ንግዳም ይወጽእ ነበረ። እቲ ብግብሪ ኣብ ባይታ ዝኰነ ከምኡ'ዩ ዝነበረ። ብሓጺሩ፡ ክልቲኣን ምርጫታት ኣብ ክልቲኣን ሳጹናት ክኣትዋ ማዕረ ዕድል ነይሩወን ማለት እዩ።

እቲ ሓቂ እዚ'ዩ ነይሩ እምበር፡ ከምቲ ኮሎኔል ኣስናቀ ብ'ይኸውን' ወይ 'ብግምት) ዝበሉዎ ን'እወ' ናይ በይና ሳጹን፡ ን'ኣይፋል' ድማ ናታ ናይ በይና ሳጹን ኣይተዳለወን። ንኮሎኔል ኣስናቀ ዘይኮነን ዘይነበረን ነገር ክጽሕፉ ዝደረኸ ምኽንያት ግን እንታይ'ዩ? ብዓይኒ ሞያዊ ስነምግባር መጕተኦም ብጭብጢ ክድግፉዎ ይግባእ ነይሩ። ወይ ባዕሎም ከም ጋዜጠኛ ወይ ከም ተዓዛቢ ተሳቲፈ ነይረ ክብሉ ነይሩዎም ወይ ድማ ምንጭታቶም ምገለጹ። ምሁራዊ ኣጸሓሕፋ ከምኡ እዩ። ባዕሎም ብዝፈጠሩዎ 'ሓቂ'፡ ንነባቢ ብፍላይ ድማ "ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከደናግረሉ እኽእል እየ" ኢሎም እንተሓሲቦም ግን፡ ንዘይፈልጥ ከደናግሩ ይኽእሉ እምበር፡ ከም ምንጪ ታሪኽ ክትውከሶ ምንም ጥቕሚ ዘለዎ ኣይኮነን። ዝወሰዱዎ ምርጫ ግን ብታሪኽ ዘሕትት ኢ-ኃላፊነታዊ ግብሪ እዩ። እዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ጸሓፍቲ እምበኣር እዮም ንዘመናት ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዘየሎ ታሪኽ ክምግቡዎ ዝጸንሑ። ኣብ ልዕሊ ገዛእ ህዝቦም ኣኽብሮት ከምዘይብሎም ዘረድእ ወይ ዘረጋግጽ ጭብጢ ድማ እዩ። ከመይሲ፡ ከምቲ ንሳቶም ሓቂ ናይ ምፍላጥ መሰል ዘለዎም፡ እቲ ህዝቢ'ውን ታሪኹን ታሪኽ ናይቶም ምስኡ ብታሪኻዊ ኣጋጣሚታት ጐፈ-ጐፍ ዝተራኸቡን ህዝብታት፡ በቲ ሓቀኛ መልክዑ ናይ ምፍላጥ ምሉእ መሰል ስለዘለዎ። ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ መዋእሉ ኣብ ኵናትን ዕንወትን ንኸሕልፍ ቀንዲ ጠንቂ ዝኾኑዎ ዘለዉ፡ እዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ጸሓፍቲ ብዝምህዙዎ ሓዲሽ ታሪኽ ወይ ብዝኸሕዱዎ

ክዉን ታሪኽ እዩ። ኮሎኔል ኣስናቀ ምድንጋር ምድንጋሩ ኣግዝፍ ኣቢልካ ክኸውን ኣለዎ ግዲ ኢሎም ኰይኖም፡ ኣብ ገጽ 288 (ሸክም የማይከብደው ሕዝብ - ዋሺንግተን ዲሲ1994) ከምዚ ዝስዕብ ኢሎም ንረኽቦም፦ ኤርትራውያን ብመሳርያ [ኲናት] ብምፍርራሕ ብስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ብዘይድልየቶም ነታ ናይ ምርጫ ካርድ ኣብታ ናጽነት እትብል ሳጹን ከእትዉዋ ተገዲዶም። ሓደ ሰብ ነዚ ክንዲ እምባ ዝኸውን ሓሶት፡ ሓቂ ኣምሲሉ፡ ናብቲ "ወገነይ" ዝብሎ ህዝቢ ከቕርብ ክሳዕ ክንድኡ ስለምንታይ ከምዝህወኸን ስለምንታይ ንነብሱ ከሕስር ፍቓደኛ ከምዝኸውንን ክርድኣካ ኣይክእልን። ኮሎኔል፡ ህዝቢ ኤርትራ በቶም ናጽነቱ ከግዝሙዎ ዝተበገሱን መሪቑ ዘፋነዎምን ደቁ፡ ኣንጻር ድልየቱ፡ ምፍርራሕ ተገይሩሉ ድዮም ዝብሉና ዘለዉ? ብቐደሙ ህዝቢ ምሉእ ንናጽነትዶ ኣይኮነን ተቓሊሱን መስዋእቲ ከፊሉ ንሰራዊት ኢትዮጵያ ካብ መሬቱ ጸሪጉዎን ናብ ረፈረንደም በጺሑ። እዞም ኮሎኔል፡ ህዝቢ ኤርትራን እቶም ተቓለስቲ ናጽነትን ካብ በበይኑ ፕላኔታት ዝመጽኡን በበይኑ ዕላማ ዝነበሮም ፍጡራትን ኣምሲሎም ድዮም ንህዝቢ ኢትዮጵያ ክታልልዎ ደልዮም? ወዮም ካብ ኣብራኽ ህዝቢ ወጺኦም፡ ንመሰል ህዝቢ ተቓሊሶም፡ ብኣንጻባራቒ ወተሃደራዊ ዓወት ናጽነት ዘምጽኡ ደቂ ህዝቢስ ነቲ ህዝቢ ኣፈራሪሖም 'ናጽነት' ከምዝብል ገይሮሞ ድዮም ዝብሉና ዘለዉ ኮሎኔል - እሞ ከኣ ብዘይ ስክፍታ፡ ብዘይ ሕንከት።

ሓደ 'ምሁር'የ' ወይ 'ጸሓፋይ'የ' ዝብል ሰብ እንታይ ንምርካብ ክሳዕ ክንድኡ ንቚልቁል ከምዝድፋእ፡ ክርደኣካ ኣይክእልን'ዩ። ንኽብሮም እንተዘይተጨነቑ ንኽብሪ ቤተሰቦም ኣንበብቶም ኣይጭነቑን ድዮም። ቤተሰቦምን ፈተውቶምን ኣብዚ ጉዳይ እዚ መጽናዕቲ ክገብሩ እንተዝብገሱ'ሞ፡ እቲ ሓቂ ካልእ ኰይኑ ምስ ጸንሖም፡ ብኣኦም ማዕረ ክንደይ ክሓፍሩ ከምዝኽእሉ ዘይምንግንዛቦም የተሓሳስበካ። ነዚ ቀሪቡ ዘሎ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ መስርሕ ረፈረንደም ዘርኢ ስእሊ፡ እቶም ኮሎኔል ኣይረኣዩዎን ነይሮም ዶኾን ይኾኑ? ኣብዚ ስእሊ'ዚ፡ ማለት ኣብ ማእከል ኣዲስ ኣበባ፡ እቲ መፈራርሒ ኣጽዋር ኣበየናይ ህንጻ'ኮን'ዩ ተተኺሉ ነይሩ? እቲ ን50 ዓመታት ቅድም ብሰላማዊ መገዲ ድሓር ብዕጥቃዊ ቃልሲ ናጽነቱ ንምርካብ ኩሉ ዝውንኖ ዘበለ ዝኸፈለ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ብቕልጽሙ ዝተጐናጸፎ ናጽነት ሕጋዊ መዕለቢ ክገብረሉ፡ ብድምጹ "ናጽነት" ኢሉ ንኽመርጽ መፈራርሒ ተገይሩሉ ምባል ምስ ምንታይ ይቚጸር? እዞም ኢትዮጵያውያን ምሁራት እንታይ'ዩ ጉዶም? ቲም ዋይዝ ዝተባህለ፡ ኣብ ረፈረንደም ኤርትራ ተዓዛቢ ኰይኑ ዝተሳተፈ ኣመሪካዊ፡ ብመንጽር እቶም ረፈረንደም ኤርትራ ብኣካል ዘይተዓዘቡ ኮሎኔል፡ ዝሃቦ ሓቀኛ ምስክርነት ኣሎ። 'The Meaning of a Free Vote' ኢሉ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝፈነዎ ምስክርነት፡ ከምዚ ይብል፦ "ወዲ ስሳ ዓመት ሽማግለ፡ ኣብ ርሑቕ ካብ እትርከብ

ኣብ ኅቦታት ዝተደኰነት ዓዶም ብእግሮም ምሉእ ለይቲ ድሕሪ ምጕዓዝ፡ ኣብ ህይወቶም ናይ መጀመርታ ዝኾነ ብምስጢር ዝካየድ ናይ ድምጺ ምርጫ ንምሃብ፡ ኣብ ትሕቲ'ታ ተቃጽል ጸሓይ ምድረ-በዳ ንዓሰርተ ሰዓታት ደው በሉ። ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ፡ ድምጻን ምስ ሃባ ነታ መድመጺት ሳጹን ሰዓምኣ። ናይ ሓጐስ ንብዓት ካብ ገጻን ኲረር ኢሉ ይፈስስ ነበረ። 'ሕጂ ሰላማዊ ድቃስ ክድቅስ እኽእል'የ' ድማ በላ። ሓንቲ ኣብ ሕማም ሕርሲ ዝነበረት ነፍሰ-ጾር ኣደ፡ ናብቲ ነቝጣ መውሃቢ ድምጺ 'ግድን ውሰዱኒ' ስለዝበለት፡ ካብቲ ነቝጣ ወጻኢ ኣብ ዝነበረ ጐልጐል ሓረሰት።" ቲም ዋይዝ እቲ ዝተረኽበ ውጽኢት 99.8% እወ ንናጽነት ከምዝነበረ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ከምዚ ዝስዕብ ብምባል ምስክርነቱ ይውስኽ፦ "ነቲ መስርሕ ብገዛእ ኣዒንተይ እንተዘይርእየ ነይረ፡ ከምዚ ዓይነት ውጽኢት ክኣምኖ ምኸበደኒ። ... ከም ኣባልን ወግዓዊ ብዓል ስልጣንን ግራስ ሩትስ ኢንተርናሽናል (Grassroots Intternational) ዝተባህለ ዘይመንግስታዊ ጉጅለ ተዓዘብቲ መጠን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ገጠራት መድመጺ ነቝጣታት ንዝነበረ መስርሕ ምሃብ ድምጺ ተዓዚበ እየ። ኣብ ኩሉ እቲ ዛንታ ሓደ ዓይነት እዩ ነይሩ።

ድምጺ ንምሃብ ዝተወሰና ሰለስተ መዓልታት'ኳ እንተነበራ፡ ዳርጋ ኩሉ እቲ 1.1 ሚልየን ዝኸውን ከድምጽ ዝተፈቕደሉ ኣድማጺ፡ ኣብታ ናይ መጀመርታ መስርሕ ምርጫ ዝግበረላ መዓልቲ ድምጹ ንምሃብ ነዊሕ ሪጋን እተቃጽል ምድረ-በዳዊት ጸሓይን ተጻዊሩ ውዒሉ። ብሓፈሻ፡ ካብቶም ድምጾም ክህቡ ዝነበሮም ኣድመጽቲ 98% ከም ዝተሳተፉ ክግመት ከሎ፡ ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ጥራይ 90% ናይቶም ኣድመጽቲ ድምጾም ሂቦም።" ከም ብዓል ኮሎኔል ኣስናቀ ዝኣመሰሉ ዘይሓንኩ ጠምዘዝቲ ታሪኽ፡ ኣብ ረፈረንደም ኤርትራ ዝተሳተፉ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ተዓዘብቲ፡ ልክዕ ከም ናይ ቲም ዋይዝ ሓቀኛ ምስክርነቶም ክህቡ ዝኽእሉ ሰባት ከምዝነበሩ ክስወጦም ዘይምኽኣሉ፡ የስደምም'ዩ። ብታሪኽ ዘተዓዛዝብን ዘሕዝንን ተግባር'ዩ። 90% ናይ ኣድመጽቲ ኣብታ ፋልመይቲ መዓልቲ ከድምጹ ምኽኣሎም፡ ምስቲ 'እወ' ንናጽነት ዝተዋህበ 99.8% ተዛሚዱ ክረአ ከሎ፡ እቲ ህዝቢ፡ ማዕረ ክንደይ ንናጽነት ህርፋን ከምዝነበሮ ዝምስክር እዩ። ኣብተን ዝተረፋ ክልተ መዓልታት 10% ጥራይ ኣድሚጾም ማለት'ዩ። እቲ መስርሕ በቲ ዝተወጠነሉ ሕጋዊ መገዲ ክዛዘም ስለዝነበሮ'ምበር፡ እተን ክልተ መዓልትታት እንተዘተርፋ ነይረን'ውን፡ ኣብቲ ውጽኢት ዋላ ሓንቲ ፍልልይ ኣምበይ መምጽኣን። ስለዚ፡ መስርሕ ረፈረንደም ኤርትራ 1993፡ ኣብታ ናይ መጀመርታ መዓልቲ'ዩ ተዛዚሙ እንተዝበሃል ዘኽፍእ ዘረባ ኣምበይ ምኾነን።

ነዚ ዘደንቕ ብዙሓት ምሁራን ተዓዘብቲ ዝመስከሩሉ ድሙቕ ታሪኻዊ ፍጻመ፡ ‘መሳርሒ ኵናት’ን ካልእን ዝብሉ ቃላት ወሳሲኽካ ከተህስሶን ከተቋሽሾን ስለዝፈተንካ፡ ነቲ ሓቂ ክጉልብቦ ዝኽእል ኣይኮነን። ካልኦት ሓቀኛ ትዕዝብቶም ዝገለጹ ወገናት’ውን ኣለዉ። https://www.hrw. org/ ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ንኣብነት ምስክርነት ክህብ ከሎ፤ “እቲ ምርጫ ናጻን ፍትሓዊ ከምዝነበረን ብተዓዘብቲ ሕቡራት ሃገራትን ብመንግስቲ ኢትዮጵያን ተረጋጊጹ’ዩ።” ይብል። ንጉጅለ ተዓዘብቲ ኢትዮጵያ መሪሑም ንመስርሕ ረፈረንደም ኤርትራ ዝተዓዘቡ ዶክተር ነጋሶ ጊዳዳ’ውን ከምዚ ዝስዕብ ብምባል ምስክርነቶም ሂቦም ነይሮም፦ “ጉጅለና ካብ ሚያዝያ 21 ጀሚሩ ኣብ ኣከለጉዛይ፡ ሰምሃር፡ ሓማሴን፡ ሰራየ፡ ሰንሒትን ባርካን ዝተኻየደ መስርሕ ረፈረንደም ክዕዘብ ክኢሉ’ዩ። ኣብቶም መውሃቢ ድምጺ ነቑጣታት ዝነበሩ ኣገባባትን ኩነታትን ጥራሕ ዘይኰንና ተዓዚብና፡ ንብዙሓት ካብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ናይቲ ሕብረተሰብ ዝመጽኡን ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ድሕረ-ባይታን ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባን ዘለዎም ዝተፈላለዩ ኤርትራውያን ውልቀሰባትን ሃይማኖታዊ ትካላትን (እንተላይ ተቓወምቲ ግዜያዊ መንግስቲ ኤርትራ) ኣዘራሪብና ነይርና… ብመሰረት ትዕዝብትና፡ ምይይጥናን ከምኡ’ውን ኣብ ልዕሊ’ቶም ዝተገብሩ ትዕዝብትታትን ዘተታትን ዘካየድናዮ ገምጋምን፡ ልኡኽ ኢትዮጵያ እቲ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ኣህጉራውያን ውድባት ዝተኻየደ ረፈረንደም ኤርትራ፡ ብናጻ፡ ብፍትሓውን ብዘይኣድልዎን ከምእተኻየደ ክገልጽ እፈቱ።

ከም መቐጸልታ ናይቲ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብጽንጽዋያዊ ታሪኽ ኣታሊልካ ናብ ሓዊ ንምጥባስ፡ ብኢትዮጵያውያን ምሁራትን ፖለቲከኛታትን ዝተኻየደ ሰፊሕ ናይ ምትላል ስራሕ፡ ኣብዚ እዋን’ዚ ወፍሪ ጥምዘዛ ታሪኽ ካብ ዝካየደሉ ዘሎ ፍጻመ፡ እቲ ነዊሕ ዘይገበረ፡ ኣብ ዘመነ ምዕቡል ቴክኖሎጂ ብድምጺ፡ ስእልን ጽሑፍን ተወሪዑ ዝተሰነደ ታሪኻዊ ፍጻመ ረፈረንዱም 1993 ምህሳስን ዘይመልክዑ ምሃብን ምኻኑ ተመልኪትና። ገለ ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ኣብ ግዜ ረፈረንደም ንህዝቢ ኤርትራ ዝቐረበሉ ሕቶ ብዝምልከት ዝጸሓፉዎ ሓሶት እውን ርኢና። ብኣንጻሩ ናይ ገለ ተዓዘብቲ ምስክርነት እውን ኣንቢብና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦ *** ኣብ ረፈረንደም ኤርትራ 1993፡ ንዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወኪሉ ኣብ ረፈረንደም ኤርትራ ዝተሳተፈ ሚስተር ሰሚር ሳምባር፡ እቲ መስርሕ ምስ ተወደአ ከምዚ ዝስዕብ ብማለት ምስክርነቱ ሂቡ ነይሩ፦ “ጉጅለ ተዓዘብቲ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ኣብ ኩለን ወረዳታት ተዓዘብቲ ብምልኣኽ ካብ 23 ክሳዕ 25 ሚያዝያ ኣብ ዘለዋ መዓልትታት ካብ 1014 ድምጺ መውሃቢ ነቑጣታት ኣብ ኩለን እኳ እንተዘይኰነ ንዝበዝሓ ዓሚሙወን እዩ። ካብ 21 ሃገራት ዝተዋጽአ 21 ኣባላት

ዝነበሩዎ ቀንዲ ናይ ተዓዘብቲ ጕጅለ ኣብ መጀመርታ ለካቲት ኣብ ዝነበራ መዓልትታት እዩ ናብ ኤርትራ ዝኣተወ። ሓደ ሰሙን ቅድሚ ድምጺ ምሃብ ምጅማሩ፡ 100 ተዓዘብቲ ሕቡራት ሃገራት ተወሲኾሞም። ብጠቕላላ 38 ሃገራት ተወኪለን። ብተወሳኺ ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ዝነብሩ ኤርትራውያን ዘካይዱዎ ምርጫ ንምጽራይ ካብ 40 ንላዕሊ ተዓዘብቲ ተላኢኾም ነበሩ። ... ብመሰረት ጕጅለ ተዓዝብቲ ሕቡራት ሃገራት ዝገበሮ ገምጋም፡ ከም ፍሉይ ወኪል ዋና ጸሓፊ፡ ብሓፈሻ ኣብ ኤርትራ ዝተኻየደ መስርሕ ረፈረንደም፡ ነፍሲ ወከፍ መስርሕ፡ ናጻን ፍትሓውን ነይሩ ክበሃል ከምዝኽእልን መስርሕ ረፈረንደም ከም ዘዕገበኒ ከረጋግጽ ከለኹ ክብሪ ይስመዓኒ። (The United Nattions Department of Public Informattion. (1996). The United Nations and the Independence of Eritrea. New York. The United Nations Reproducttion Section. Document 28: 213) ከምኡ ድማ ተዓዛቢ ልኡኽ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ብመራሒኡ ኣምባሳደር ፓፓ ልዊ ፎል ኣቢሉ ረፈረንደም ኤርትራ ናጻን ፍትሓውን ምንባሩ ኣብ ጸብጻቡ (Document 27) መስኪሩ። ቀጺሉ ኣምባሳደር ፎል ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ዝነበሮ ድምጺ ናይ ምሃብ ናጽነት ብሰላማውን ብዘይ ዝኹነ ምፍርራሕን ጭንቀትን ከምዘካየዶ መስኪሩ። መስርሕ ረፈረንደም ምስ ተወደአ ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ ኣብቲ ዘዳልዎ ዝነበረ ቡለቲን ተዓዘብቲ ዝሃቡዎ ምስክርነት ሰኒዱ ይርከብ። ሒደት ካብኣቶም ከምዚ ዝስዕብ ኢሎም ነይሮም፦ ኣብ ሰለስቲኣን ናይ ምድማጽ መዓልታት፡ ጕጅለና ንሓንቲ'ኳ ስርዓት ኣካይዳ ምርጫ ረፈረንደም ዝጥሕስ ተግባር ኣይረኣየን። ናይቶም ሰብ መዚ ብቕዓት ኣሰራርሓን ዘይሻርነታውነትን ድማ ኣዝዩ መሲጡኒ። ብሓቂ ዝነኣድ ኣብነታዊ ዕማም። ዮሃና። - ሚስተር ኮሊን ለጉዩም (ዓዲ እንግሊዝ) *** ኣብ ጭብጢ ብምምርኳስ፡ ውጽኢት ረፈረንደም ድልየት ናይቲ ዝበዝሐ ክፋል ህዝቢ ከም ዘርኢ፡ እቲ መስርሕ ድማ ብሓፈሻኡ ናጻን ቅኑዕን ምንባሩ ነረጋግጽ። -

ጸብጻብ ተዓዛቢ ጉጅለ ደንማርክ። *** ካብ ትዕዝብትታተይ እቲ ረፈረንደም ርትዓዊ፡ ብናጻን ብዘይኣድልዎን ተኻይዱ ዝብል ገምጋም ኣለኒ። -ሩሰል ሮላሰን (ኣህጉራዊ ባይቶ ግብረ ሰናይ ትካላት - አውስትረሊያ) *** እዚ ኣብዚ ሰሙን ዝተኻየደ ረፈረንደም፡ ብዘይ ገለ ምትእትታዋትን ምፍርራሕን ብናጻ ከምዝተኻየደ ተዓዚበ። ብፍላይ ድማ ካብታ ናይ መፈለምታ ክሳብ መድመጺ ወረቐት ኣብ መድመጺ ሳንዱቕ ትኣትወላ ዘለዉ ስጕምትታት ኣገባብ ኣደማምጻ ብወገን ኣድመጽቲ ይኹን ብወገን ሰብ መዚ ስነ-ስርዓት ዝሓለወን ባህላዊ ጠባያት ዘንጸባርቕን ኮይኑ ረኺበዮ። ብሓቂ ንኽትዕዘቦ ኣዝዩ ዘሐጉስ መስርሕ። - ኣቶ ጣሰው ፈለቀ እርገቴ (ውሩይ ውልቀሰብ - ኢትዮጵያ) *** ብተወሳኺ ትካል ኣፍሮ-ኣሜሪካ ብመሰረት ትዕዝብትታቱ ምስክርነቱ ብከምዚ ዝስዕብ

ኣስፊሩ ይርከብ፤ ክልተ መዓልቲ ድሕሪ ምዝዛም ረፈረንደም (ሚያዝያ 27፡ 1993)፡ ፍሉይ ልኡኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጉዳይ ረፈረንደም ኤርትራ፡ ረፈረንደም ናጻን ፍትሓውን ብዝኾነ መገዲ ከም ዝተኻየደ ኣፍሊጡ። እዚ ድማ ምስቲ ልኡኽ ትካል ኣፍሮ-ኣሜሪካ ዝረኸቦ ውጽኢት ዝቃዶ እዩ። (ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ. ቡለቲን ረፈረንደም. ተዓዘብቲ እንታይ ይብሉ? (30 ሚያዝያ 1993 ገጽ 1-2) ስለዚ ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ኮሎኔል ኣስናቀን መሰልቶምን ዕላምኦም እንታይ ምዃኑ ብዘየገድስ ዘይነበረ ክውንነት ክፈጥሩ ካብ ደለዩ ጉዳዮም እዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ግን ግዳይ ግጉይ ታሪኽ ከኸውንን ብኡ ተደሪኹ ድማ ኣብ ልዕሊ ፈታዊኡን ጐረቤቱን ህዝቢ ኤርትራ ኣሉታዊ ስእሊ ክህሉዎን ስለዘይግባእ ነዞም ጸሓፍቲ ንጐኒ ብምግዳፍ፡ እቲ ሓቂ ክንገሮ ይግባእ። ድሌት ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ምንባሩን እንታይ ከምዝኾነን ብሕጽር ዝበለ ክምለስ ይከኣል'ዩ።

ድሌት ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ምንባሩ፡ ደቁ፡ ንብረቱ፡ጉልበቱ፡ ገንዘቡን ግዜኡን ንዕጥቃዊ ቃልሲ ብምውፋይ ኣረጋጊጹ'ዩ። ካልእ፡ ምስክርነት ኣምበይመድለዮን። እቶም መወዳድርቲ ኣልቦ ዕማም ዓሚሞም ዓለም ረፈረንደም ኤርትራ ክትቅበልን ክትዕዘብን ዝገበሩ ተቓለስቲ መንእሰያት እኮ፡ ካብ ካልእ ፕላኔት ዝመጽኡ ፍጡራን ኣይነበሩን። ብውሑዱ፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ሃይለስላሰን ደርግን ኣደታቶም፡ ኣቦታቶም፡ ኣሕዋቶም፡ ኣሓቶም፡ ኣዕሩኽቶም፡ ኣዝማዶም፡ ጐረባብቶም ... ወዘተ ክሳቕዩን ክቕተሉን እናረኣዩ ዝዓበዩን ጸበብኡን ራህውኡን ዝካፈሉ ዝነበሩን ፍረ ኣብራኹ እዮም። እቲ ህዝቢ ነቶም ሰብ ዝበልዑ ዝነበሩ ስርዓታት ንምውዳቕን ናጽነቱ ንምውሓስን ደቁ ናብ በረኻ ምስ ወፈሩ ባዕሉ እናሓለዎም፡ ካብ ዘላቶ ምስኦም እናተኻፈለ፡ ባዕሉ ተዋጋኢ፡ ኣዋጋኢ፡ መዕቈቢ፡ ምንጪ ሓበሬታ . . ወዘተ ብምዃን እኮ እዩ፡ ጽምኣት ናጽነቱ ዘርኣየ። እቶም "ድሌታትካ ባዕልና ንፈልጠልካ" ብምባል፡ ንህዝቢ ኤርትራ ክነግሩዎ ቍሩብ ሕፍረት ዘይስመዮም ገለ ገለ ምሁራትን ፖለቲከኛታትን ኢትዮጵያ፡ ህዝቢ ኤርትራ ጽምኣቱ ንናጽነት ከመይ ከምዝነበረ ንኸርኢ ካብኡ ንላዕሊ እንታይ ክገብር እዮም ዝጽበዩዎ? ብኣጽዋር ኲናት ተገዲድካ ናጽነት በል ተባሂሉ ምባል እንታይ ዓይነት ድንቍርና እዩ። ስነ-ልቦናዊ ኣቋውማ ኤርትራውያን ንምርዳእ፡ ኤርትራዊ ምዃን ይሓትት'ዩ። ኤርትራዊ ስነ-ልቦና ንምውናን ድማ ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ኲንካ፡ ሕልሙ፡ ሓጐሱ፡ ሓዘኑ፡ ስቓዩ፡ ኣስተንትኖኡ፡ ቋንቋኡ፡ ፍቕሩ፡ ጽልኡ... ወዘተ ምክፋል ወሳኒ ረቛሒ'ዩ። እሞ እዞም ዘልዓልናዮም ጸሓፍቲ ድኣ ነየናይ ሸነኹ ስለዝማቐሉ'ዮም፡ ክሳዕ ክንድኡ ብድርቕና ድሌታትካ እዝን እትን እዩ፡ ኢሎም ክነግሩዎ ዝሕልኑ? ኣብ ውሽጢ ልቡ ክኣትዉን ኣትዮም ባህግታቱ ክነቡን ዘይተበገሱ ክነሶም፡ ብኸመይ'ዮም ብደገደገ ህርመት ልቡ ሰሚዖምን ነቢቦምን

ደፋር ገምጋም ክገብሩ ክኢሎም፣ የተሓሳስበካ! እቶም ሕብረ-ብዙሓን ዝነበሩ ተዓዘብትን እተን ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት (እንተላይ ኢትዮጵያ) ዝመጽኣ መራኽቢ ብዙሃንን ጥራሕ እዮም ንሓቀኛ ስምዒት ህዝቢ ኤርትራን ነቲ ብሓርነት ዘካየዶ መስርሕ ረፈረንደምን ክምስክሩሉ ዝኽእሉ። እተን ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጽኣ'ሞ፡ ናይ ዓይኒ ምስክርነተን ክህባ ዝኽኣላ መራኽቢ ብዙሃን እዘን ዝስዕባ ነይረን፤ እዚ ዝረአ ዘሎ ሓበሬታ፡ ዓይነት ናይተን መራኽቢ ብዙሃን ደኣ'ምበር፡ ብዝሒ ናይ ጋዜጠኛታት ኣይኰነን ዘመልክት ዘሎ።

ንኣብነት ንኢትዮጵያ ወኪሎም ዝመጽኡ 11 ጋዜጠኛታት ነይሮም (10 ናይ መንግስትን ሓንቲ ናይ ውልቅን)። ክንድዚኣተን ዝኣኽላ መራኽቢ ብዙሃን ዝተሳተፍኣን ዝመስከራሉን መስርሕ ረፈረንደም ዝተኻየደለን ሃገራት - ብዘይካ ኣብ ኤርትራ - ይህልዋዶ'ኾን ይኹና? ኣቶ ታየ ቦጋለ ዝተባህለ ጽሓፋይ (ታየ ቦጋለ. (2019). *መራራ እውነት* (በኢትዮጵያ ታሪክ). ዐዲስ ኣበባ.፡ ገጽ 384-385) ድማ ብወገኑ ንመስርሕን መንፈስን ረፈረንደምን ብዘነኣእስ መገዲ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ንረኽቦ፤ ". . . ኤርትራ ኣብ ታሪኽ ዓለም ተራእዩ ብዘይፈልጥ መልክዕ ንህዝባ - እንተገደደ፦ 'ምፍንጫል ወይስ ሕብረት?' ዝብል ኣማራጺ ክቐርበሉ ዝግባእ፦ "ናጽነት ወይስ ባርነት?" ዝብል ምርጫ ቀሪቡሉ፣ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ከይተረፈ ኤርትራውያን ድምጾም ክህቡ ክግበር ከሎ … ኢትዮጵያ፡ ኤርትራ ወይ ናብቲ ናይ ቅድም ውሳኔ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክትምለስ ምሕታት፣ ወይ ድማ ብዛዕባ'ተን ክልተ ወደባት ክትዛተ ዝግባእ - ብኣንጻሩ መሪቓ መራሪቓ ብምሃብ፣ ካብ ኩለን ሃገራት ዓለም ጭሩ ከይቀደመታ ኣፍልጦ ሃበት።" እዚ ምሁር'ውን፡ ነቲ ኮሎኔል ኣስናቀ ዝበሎ'ዩ ደጊሙ ዘሎ። እዚ ጸሓፋይ ኣብ ዝበሎ ድማ ካላ መስሓቕን መስደመምን ነጥቢ ኣሎ።

ኢትዮጵያ፡ ነቲ ባዕላ ዘፍረሰቶ ፌደረሽን ድሕሪ ሰላሳ ዓመት 'ትጉሽተተይ' ኢላ ክትምለሶ ክትሓትት ነይሩዋ፡ ዝብል መጒተ ኣልዒሉ ንረኽቦ። ኣቶ ታየ፡ ኣብዚ ጉዳይ ድርብ መዐየሪ (double standdard) ክጥቀም ከምዝደለየ ግሁድ እዩ። ኣብ መጽሓፉ ኣብ ገጽ 384፡ ፌደረሽን ፌሪሱ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ክትጽንበር ዝተገብረሉ መገዲ፡ ንጉስ ሃይለስላሰን ኣሜሪካን ብዝገበሩዎ ምስጢራዊ ስምምዕ እዩ ኢሉ ከምዝኣምን ጽሒፉ ንረኽቦ። እሞ፡ ሃይለስላሰ ባዕሎም ዘፍረሱዎ ፌደረሽን ድኣ፡ ብኸመይ መገዲ'ዩ ዳግማይ ህይወት ክዘርእ ነይሩዎ፡ ዝብል ዘሎ? ምስ ገዝእ ነብሱ ምግርጫው ካብ መረጸ፡ ዝግበር ነገር የለን። እቲ "ጓልዶ ምስ ኣዲኣ ውዕል ዝምድና ትገብር'ያ?" ተባሂሉ ፌደሬሽን ንኽፈርስ ከም መመኽነይታ ዝቐረበ ሓሳብ ድሕሪ ሰላሳ ዓመት ተረሲዑስ፡ እታ ኣደ ምስ ውላዳ ውዕል ክትገብር ንቡር እዩ ክበሃል ከሎ ኤርትራውያን እንታይ ክብሉ ይኽእሉ? እህም ጥራይ! ብላዕሊ ላዕሊ ክረአ ከሎ ካብ መጒተ ኣቶ ታየ ቦጋለ ዝሓይሽ ዝመስል፡ ናይ ዶክተር ያዕቆብ ኃይለማርያም ሓሳብ እዩ።

(ያዕቆብ ኃይለማርያም. (2003). አሰብ የማን ናት? (የኢትዮጵያ የባህር በር ጥያቄ). አዲስ አበባ.) ከምዚ ዝስዕብ ድማ ኢሉ፦ “ሻዕቢያ ዘይሕጋዊ ኣካይድኡ ብምቕጻል ብኣቈጻጽራ ኤፕሪል 23-25፡ 1991 ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ነቲ ህዝቢ ካልእ ኣማራጺ ከይተዋህቦ ‘ናጻ ክትከውን ትደሊዶ ኣይትደልን’ ዝብል ሕቶ ጥራይ ቀሪቡሉ፡ እቲ ህዝቢ ብ99.8% ድምጺ (ኣካይዳ ናይ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ምርጫ ይመስል) ንኽፍንጨል ፍቓዱ ኣርእዩ ተባህለ። (ገጽ 89

ሓሶት እንተተደጋገመ ሓቂ ከይመስል ረፈረንደም እውን ወፍሪ ጥምዘዛ ታሪኽ ኣረኻኺቡሉ! ታሪኽ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ’ዚ፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብጽንጽዋያዊ ታሪኽ ኣታሊልካ ናብ ሓዊ ንምጥባስ፡ ብኢትዮጵያውያን ምሁራትን ፖለቲከኛታትን ዝተኻየደ ሰፊሕ ናይ ምትላል ስራሕ፡ ኣብዚ እዋን’ዚ ወፍሪ ጥምዘዛ ታሪኽ ካብ ዝካየደሉ ዘሎ ፍጻመ፡ እቲ ነዊሕ ዘይገበረ፡ ኣብ ዘመነ ምዕቡል ቴክኖሎጂ ብድምጺ፡ ስእልን ጽሑፍን ተወሪዑ ዝተሰነደ ታሪኻዊ ፍጻመ ረፈረንዱም 1993 ምህሳስን ዘይመልከዑ ምሃብን ምኳኑ ተመልኪትና። ገለ ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ኣብ ግዜ ረፈረንደም ንህዝቢ ኤርትራ ዝቐረበሉ ሕቶ ኣመልኪቶም ዝጸሓፉዎ ሓሶት እውን ርኢና። ብኣንጻሩ ናይ ገለ ተዓዘብቲ ምስክርነት እውን ኣንቢብና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦ *** ዶክተር ያዕቆብ ኃይለማርያም ዝተባህለ ካልእ ጠምዛዚ ታሪኽ እውን ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ፦ “ሻዕቢያ ዘይሕጋዊ ኣካይድኡ ብምቕጻል ብኣቈጻጽራ ኤውሮጳውያን ኤፕሪል 23-25፡ 1991 ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ነቲ ህዝቢ ካልእ ኣማራጺ ከይተዋህቦ ‘ናጻ ክትከውን ትደሊ’ዶ ኣይትደልን’ ዝብል ሕቶ ጥራይ ቀሪቡሉ። እቲ ህዝቢ ድማ ብ99.8% ድምጺ (ኣካይዳ ናይ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ምርጫ ይመስል) ንኽፍንጨል ፍቓዱ ኣርእዩ ተባህለ። (አሰብ የማን ናት? ‘የኢትዮጵያ የባህር በር ጥያቄ’. አዲስ አበባ 2003 - ገጽ 89)” እዚ ጸሓፊ’ዚ እውን ነታ ‘መገንጠል’ እትብል ቃል ተጠቒሙላ።

ብዛዕባ ‘ምንጻል’ ኣቐዲመ ስለዘልዓልኩ ምድጋም ኣይከድልን እዩ። ኣብዚ ግን ዶክተር ያዕቆብ፡ ከም መጠን ምሁር ክሓልፈን ዘይግባእ ክልተ ጌጋታት ፈጺሙ ይርከብ። እታ ሓንቲ፡ ረፈረንደም ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ከባቢ ክልተ ዓመታት ምስ ሓለፈ፡ ኣብ 1993 ደኣ’ምበር፡ ኤርትራ ናጽነታ ኣብ ዝተጐናጸፈትሉ 1991 ኣይነበረን። እታ ካልአይቲ ድማ - ኣቐዲምና ከም ዝረኣናዮ - ረፈረንደም ኤርትራ፡ ኣብ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኰነ፡ ኤርትራውያን ኣብ ዝርከቡለን ካልኦት ተወሰኽቲ 41 ሃገራት (እንተላይ ኢትዮጵያ) እዩ ተኻይዱ። እዘን ጌጋታት እዚኣተን፡ ሓደ ተመራማሪ ዝፍጽመን ተራ ጌጋታት ኣይኰናን። ምኽንያቱ መጽሓፉ - ይሕመቕ ይጸብቕ - ኣብ መጻኢ መወከሲ ሰነድ ምኳኑ ኣይክተርፎን ስለ ዝኾነ። ስምዒቱ ስለዝዓብለሎ ድማ፡ በቲ ውጽኢት ረፈረንደም ከምዘይተሓጐሰ፡ ወይ’ውን ከም ዘይኣመነሉ ንምምልካት

ባህለት ተገብሮ (passive voice) ተጠቒሙ '... ንኽፍንጨል ፍቓዱ ኣርእዩ ተባህለ' ክብል ጕስዩዎ ክሓልፍ መሪጹ። ቀጺሉ ዶክተር ያዕቆብ፡ እቶም ብዝተፈላለየ መልክዕ ምስ ኢትዮጵያ ተቛሪኖም ክነብሩ ዝደልዩ ኤርትራውያን ድልየቶም ክገልጹ ስለዘይከኣሉ፡ "መስርሕ ረፈረንደም፡ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ምሉእ ብምሉእ ዘማለአ'ዩ ነይሩ" ኢልካ፡ ኣፍካ መሊእካ ምዝራብ ከምዘጸግም ይገልጽ። እቲ ቀዳማይ መልሲ፡ ነቲ ናይ "እወ ንናጽነት ዝብል ሚእታዊት (99.8%) ካብ 100% ምጕዳል ይከኣል ነይሩ'ዩ" ዝብል ይኸውን። እቲ ካልኣይ መልሲ ድማ "እቶም ዶክተር ኣለዉ ዝበሎም ወገናት ብርግጽ እንተድኣ ነይሮም ኮይኖም፡ ነታ 'ኣይፋል' እትብል ምርጫ ክወስዱ ምሉእ ዕድል ነይሩዎም'ዩ" ዝብል ይኸውን። እዛ 'ካልእ ኣማራጺ ከይቀረበሉ' እትብል መጐተ፡ ብኻልኦት'ውን ክትደጋገም ትስማዕ'ያ። ባዕሉ ዶክተር ያዕቆብ፡ ህዝቢ ኤርትራ 'ናጻ ክትከውን ትደሊ'ዶ ኣይትደልን?' ተባሂሉ ተሓቲቱ ክብል'ዩ ገሊጹ። ከምዚ ዓይነት ሕቶ ድማ፡ 'እወ' ወይ 'ኣይፋል' ኢልካ'ዩ ዝምለስ።

ስለዚ፡ ኣማራጺ ኣለዎ (ካብ ክልተ ሓደ ምምላስ ስለዝከኣል)፣ ስለዚ እቶም ምስ ኢትዮጵያ ርክብ ክህሉዎም ዝደልዩ ዝተባህሉ ወገናት፡ 'ኣይፋል' ብምምራጽ፡ ንዝመጽእ ምዕባለ ክጽበዩ ይኽእሉ ነይሮም'ዮም። ኣብዚ'ዩ ድማ ከም ብዓል ዶክተር ያዕቆብ ስነ-ልቦናዊ ኣቋውማ ህዝቢ ኤርትራ ከምዘይርድኡዎን ንኽርድኡዎ እውን ዓቕሚ ከምዝሓጽሮምን ዝገሃድ። እቶም ካብ 40ታት ጀሚሮም ክሳዕ 60ታት እዋን ምፍራስ ፌደረሽን፡ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ከም ቀንዲ ዕላማ ገይሮም ዝተቓለሱ ኤርትራውያን፡ ሕቡእ ዕላማ ሃይለስላሰ ምስተጋህደሎም፡ ከይወዓሉ ከይሓደሩ ተጣዒሶም፡ ንስርዓታት ኢትዮጵያ "ፎእ!" ኢሎም ካብ ልቦም ኣውጺኦሞም ነይሮም'ዮም። እታ ኣብ ልቦም ኣቐሚጦም ዝተኣነኑላ ኢትዮጵያ፡ ብዛዕብኦም ኣብ ውሽጢ ልባ ዘቕመጠቶ ዝኹነ ይኹን ዝኽሪ ከምዘይነበረ ምስ ኣስተውዓሉ፡ ሕርር ኵምትር ኢሎም ተሪፎምን ምስ ደቂ ናጽነት ዝኹኑ ኣሕዋቶም ክደናገጹ ተራእዮምን'ዮም። እታ ዝሓለሙዋ ምድራዊት ገነት ኢትዮጵያ፡ ንኣታቶምን ንኣሕዋቶምን ክትዓጽድ ምስ ረኣዩዋ ተበራቢሮም። ነዚ ብዝምልከት ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ (ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ. 'ሰውራ ኤርትራ፡ ምስጓምን ምንቁልቛልን መስርሕ ውሽጣዊ ምፍሕፋሓት ሰውራ ኤርትራ' 1994፡ 9) ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ንረኽቦ፤ መብዛሕትኦም ካብ'ቶም ኣብ እዋን መግዛእቲ እንግሊዝ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ዝብሉ ዝነበሩ፡ ካብኡ ዝረብሑ ዝመስሎም ዝነበሩ፡ መሪር ስቅያት ምስ ኣስተማቐሩ ኣንጻር ስርዓት ሃይለስላሰ ጠጠው በሉ።

ሽዑ ንሽዑ ድማ ከም ብዓል ደጃዝማች ገብረዮሃንስ ተስፉማርያም፡ እታ ወላዲትና ዝበሉዋ ሕልማዊት ኣደኦም ነሕዋቶም ክትበልዕ ምስ ረኣዩዋ

"'ኢትዮጵያ ወይ ሞት!' ኢልና ጸዊዕናኩም፣ ኢትዮጵያን ሞትን ድማ ሂብኩምና" ኢሎም፡ ኣብ ቅድሚ ሰበስልጣን ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ክንዲ ኣሕዋቶም ጥብቅና ብምቛም ብድፍረት ክዛረቡ ተሰሚዖም። ቀዳማይ መራሒ መንግስቲ ኤርትራን ቀንዲ መራሒ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያን ዝነበሩ ተድላ ባይሩ ከይተረፉ፡ ብ1967 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተጸንቢሮም ነይሮም'ዮም። ስለዚ፡ ብዓል ዶክተር ያዕቆብን ካልኦት ብዙሓት ከምኣቶምን፡ እታ 'ኢትዮጵያ! ኢትዮጵያ!' እትብል ልቢ ኣባላት ሰልፊ ሕብረት'ውን ድሮ መስርዓ ቀይራ ምንባራ ኣይተሰወጦምን። ነታ ካብ 40ታት ክሳዕ 60ታት ዝነበረት ዝፈልጡዋ ልቢ'ዮም ዝውክሱ ነይሮምን ዘለዉን። እምበር፡ እታ ናይ ሽዑ 'ኢትዮጵያ!' 'ኢትዮጵያ!' እትብል ዝነበረት ልቢ ደኣ፡ ኣብ ረፈረንደም እኮ ተሳቲፋ'ያ። ልክዕ ቦታኣ ኣበይ ከምዝነበረ ድማ ኣብ ውሽጢ'ቲ 99.8% ውጽኢት ረፈረንደም ተረኺባ ምጽንሓ ምስክር'ዩ።

ከም ቀደማ ዝነበረት ዝመስሎም'ዮም፡ "ድልየታ ኣይተማልኣላን" እናበሉ እናሻዕ ዝዝክሩዋ ዘለዉ። ልቢ ናይቶም እንደራሴ ኢትዮጵያ ኰይኖም ናብ ኤርትራ ብምምጻእ ፈደረሽን ዘፍረሱን ንኤርትራ ድማ ኣብ ብያቲ ወርቂ ገይሮም ንሃይለስላሴ ኣብ ምርካባ ወሳኒ ግደ ዝተጻወቱ ቢትወደድ ኣስፍሃ ወልደሚካኤል ንባዕላ'ኳ፡ ወገና ኣስሚራ፡ 'እወ' ንናጽነት ክትብል እያ መሪጻ! ነዚ'ኸ እኒ ብዓል ዶክተር ያዕቆብ እንታይ እዮም ክብሉዎ!? ቀጺሉ ዶክተር ያዕቆብ፡ ናይ ኤርትራ ምፍላይ ንኢትዮጵያውያን እውን ዝምልከት ጉዳይ ስለዝነበረ፡ ኢትዮጵያውያን ኣብቲ ምርጫ ክሳተፉ ነይሩዎም ዝብሉ ወገናት ኣለዉ ይብል። መስደመም ነገር'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንዓመታት ዘሕለፎ ገልታዕታዕን ዝኸፈሎ መስዋእትን ድምጺ ኢትዮጵያውያን ንኽስማዕ ዘይኰነ፡ ነቲ ማሕበረሰብ ዓለምን ስርዓታት ኢትዮጵያን ድምጹ ንኽይሰምዑ ዝደፈኑዎ እዝኒ ንምኽፋት'ዩ ነይሩ። "ንብረትካ ንብረተይ እዩ" ኢሉ ምስ ዝጻብኣካ ወገን፡ ኣብ ሓደ መጋባእያ ቀሪብካ፡ ዓማጺኻ ኣብ ገዛእ ንብረትካ ምሳኻ ማዕረ ድምጺ ንኽህሉዎ መዋእልካ ኣብ ቃልሲ ኣይተሕልፎን ኢኻ። ኣብ ንብረትካ "ዓማጺኻ፡ ማዕረ ዕድል ናይ ምውሳን ባይታ ክወሃቦ ነይሩዎ" ኢሉ ዘላግጽ ፍጡር፡ ክሳብ ክንደይ'ዩ ደንቆሮ። ዶክተር ያዕቆብ ዝሓዞ መርገጺ ዘይቅቡልን ሓደገኛን ምኳኑ፡ መላኩ ተገኝ ዝተባህለ ኢትዮጵያዊ ጸሓፊ ገሊጹዎ ንረኽቦ። መላኩ ተገኝ፡ ኤርትራውያን ብሃይማኖትን ዓሌትን ዝተመቓቐሉ ህዝቢ ምኳኖም፡ ሓባራዊ ሃገራዊ መንነት ንኽቐሙ ግድል ዝኾኖምን ሕቶ ዕጥቃዊ ቃልሶም ንናጽነት፡ ሕቶ መግዛእቲ ዘይኰነ፡ ሕቶ ምፍንጫል እዩ ነይሩ ኢሉ ዝኣምን ምኳኑ ኣብ ጽሑፉ ኣንጸባሪቑዎ ኣሎ። የግዳስ ኣብ ጉዳይ ረፈረንደም ምስ እንመጽእ፡ ነቲ ኩነታት ብቕኑዕ መልክዑ ተገንዚቡዎ ንረኽቦ፣ ከምዚ ድማ ይብል፤ ሓደ ዘየካትዕ ሓቂ ጐሊሑ ወጺኡ ኣሎ፤ ህዝብታት ኤርትራ - በቲ ኣዝዩ ነዊሕን ጅግንነታዊ ቃልሶምን -

ተዓዊቶም ኣለዉ። ጽሕፍቶ ሃገሮም ምውሳን ድማ ንኣኦም ይምልከት። ገለ ገለ ኢትዮጵያውያን ካብዚ ዝፍለ ሓሳብ እንተለዎምን 'ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ እያ' እንተኢሎምን ከምኡ'ውን ካብ ህዝብታት ኤርትራ ወጻኢ፡ ካልእ ሰብ ዕድል ኤርትራ ክውስን ኣለዎ ዝብል ሓሳብ እንተኣቕሪቦምን፡ ሓደገኛ ዝኹነ ሕልሚ'ዮም ዘሳስዩ ዘለዉ። (Melakou Tegegn. 'Eritrea: Evolution Towards Independence and Beyond.' 1994: ገጽ 75) ናብ ዶክተር ያዕቆብ ምስ እንምለስ፡ ኣብ ዝቕጽል ገጽ መጽሓፉ፡ እታ ዝቐረበት ሕቶ 'ናጽነት ትደሊ'ዶ ኣይትደልን' ትብል ነይራ ክብል ከምዘይጸንሐ፡ ናጽነት ወይ ባርነት ዝብል መንፈስ ስለዝነበራ፡ ነቲ ህዝቢ ኣማራጺ ኣይሃቦን ዝብሉ ሰባት ኣለዉ፡ ብማለት ነቲ ናይ ልቡ ሓሳብ ብስም ካልኦት ከተንፍሶ ንርእዮ። እታ ሕቶ፡ 'ናጽነት ትደሊዶ ኣይትደልን?' ትብል ነይራ ዝበላ'ኮ፡ ንባዕላ ምርጫ እያ፣ ምኽንያቱ እቲ ኣድማጺ 'እወ እደሊ'፡ 'ኣይፋል ኣይደልን' ክብል ስለእተኽእሎ።

እዞም ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ፡ "ኣብ 50ታት እዋን ፌደረሽን፡ ዝበዝሐ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ንሕብረት ምስ ኢትዮጵያ እዩ መሪጹ" ዝብሉ ካብ ኮኑ፡ "እቲ ህዝቢ ናጽነት ኣይደልን'ዩ ነይሩ" ማለቶም'ዩ ዘስምዕ። ከምኡ ካብ ነበረ ግን፡ እንታይ ደኣ ኣብ እዋን ረፈረንደም እቲ ዕድል እናሃለዎ "ኣይፋል ንናጽነት" ዘይመረጸ? ከምቲ ንሳቶም ዝብሉዎ፡ ዝበዝሐ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ውህደት ምስ ኢትዮጵያ ዝደሊ እንተዝነብር፡ "ኣይፋል ንናጽነት" ዝብል ምርጫ ብምውሳድ፡ ካልእ ክመጽእ ንዝኽእል ኵነታት መቓመተ ነይሩ፡ ግን ኣይገበሮን። ሕልሙን ሕልሚ እዞም ዘልዓልናዮም ጸሓፍትን ፖለቲከኛታትን ኢትዮጵያ ኣብ ክልተ ጫፋት ስለዝነበረ፡ እቲ ሓቂ ካልእ ኮይኑ'ዩ ተጋሂዱ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ንመላእ ዓለም ብዘደነቐ መልክዕ'ዩ ናይ ልቡ ዝገበረ። እዞም ሰባት ግን፡ ምንዮትን ክውንነትን በበይኖም ምዃኖም ስለምንታይ'ዮም ዘይግንዘቡ? ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ መምህር ናይ ሕጊ ዝኹነ ተሓጋጋዚ ፕሮፌሰር ደረጀ ዘለቀ ዝተባህለ ኢትዮጵያዊ፡ ሓደ እዋን ኣብ 'አንድ አፍታ' ዝበሃል መራኸቢ ብዙሃን ቀሪቡ ብዛዕባ'ዚ ንህዝቢ ዓለም ዘደነቐ መስርሕን ውጽኢትን ረፈረንደም ኣመልኪቱ ብኽምዚ ዝስዕብ ምስክርነቱ ሂቡ ነይሩ፡- ..ኤርትራውያንኮ ብጋህዲ ኣብ ሰፊሕ ህዝባዊ መድረኽ ብዝተኻየደ መስርሕ እንታይ ዓይነት ሰባት ምዃኖም ብዘየዳግም መገዲ ነጊሮምና እዮም። ኣይኰነን ድዩ? ናብቲ ረፈረንደም'ኮ ብቓሬዛ ከይተረፈ ይኸዱ ነይሮም. . .።

ፕሮፌሰር ደረጀ ብዛዕባ መስርሕን ውጽኢትን ረፈረንደም ሓቀኛ ምስክርነቱ ምሃቡ ዘመስግኖ እዩ። የግዳስ፡ ከምቶም ኣቐድም ኣቢልና ዝረኣናዮም ጸሓፍቲ ምዃኑ ከይተርፎ፡ ኣስዕብ ኣቢሉ፡ ነታ ዝቐረበት ሕቶ፡ 'ናጽነትዶ ወይስ ባርነት?' እትብል ከምዝነበረት ብምግላጹ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ብዛዕብኡ ዝጸንሓና ምስሊ ባዕሉ

ኣህሲሱዎ። ኣብዚ ክዝከር ዘለዎ ነጥቢ፡ ኤርትራውያን ኣብ ውሳነ ስርዓት ፌደረሽን ዝኾነ ይዅን እጃም ኣይነበሮምን። ብሓይሊ እዩ ተተግቢሩ። ኣብ ምፍራሱ'ውን እንተኾነ፡ እንትርፎ ገለ ኣባላት ሰልፊ ሕብረት፡ ዝኾነ እጃም ኣይነበሮምን። ስለዚ፡ ኣብ ክልቲኦም ወሰንቲ መድረኻት ድምጺ ህዝቢ ኤርትራ ከምዘይተሰምዐ ምዝካር የድሊ። ካልእ ምስታ 'ናጽ። ካልእ ምስታ 'ናጽነትዶ ወይስ ባርነት' እትብል ግግይቲ መጕተ ተተሓሒዛ ክትምለስ ዘለዋ ነጥቢ ኣላ። እታ ሕቶ 'ናጽነት ዲኻ ትደሊ ባርነት?' እትብል እንተነይራ፡ እዞም ዝተጠቕሱ ጸሓፍትን ፖለቲከኛታትን፡ ብኸመይ መገዲ በተን ቀሪበን ዝነበራ 'እወ'ን 'ኣይፋል'ን ክትምለስ ከም እትኽእል ግን ከረድኡና እንተዝኽእሉ ግርም ነይሩ። እታ ባዕላቶም ዝቐረጹዋ ሕቶ ክትምለስ እንተኾይና፡ 'ናጽነት እየ ዝደሊ' ወይ ድማ ብኣንጻሩ 'ባርነት እየ ዝደሊ' ብዝብል መልሲ እምበር፡ ብ'እወ' ወይ ብ'ኣይፋል' ክትምለስ ፈጺማ ኣይትኽእልን እያ። ንኣብነት ሓደ ሰብ፡ ''ኣራንሺዶ ይሕሸካ ወይስ በናና?' ተባሂሉ እንተተሓቲቱ፡ 'እወ' ወይ 'ኣይፋል' ኢሉ ክምልስ ኣይክእልን እዩ። 'ኣራንሺ ይሕሸኒ' ወይ ድማ 'በናና ይሕሸኒ' ኢሉ'ዩ ክምልስ ዝኽእል። ስለዚ፡ እታ ቀሪባ ነይራ ዝብሉዋ ሕቶን እተን ዝነበራ ክልተ ሓቀኛ ምርጫታትን 'እግርን ከበሮን በበይኑ' እየን ነይረን። ኮይኑ ድማ፡ ምስ ሓቂ ስለ ዝተጋጨዉ፡ መጕተኦም ብላሽ ኮይኑ ተሪፉ

ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ፡ ምሁራንን ፖለቲከኛታትን፡ ነቲ ምስ ጕረባብቱ ተኸኣኢሉን ተኸባቢሩን ብሰላም ክነብር ናይ ወትሩ ድልየቱ ዝኾነ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ዘይነበረን ዘየሎን ታሪኽ ብምፍጣር፡ ምስቲ ኹሉ ግዜ ንኢትዮጵያውያን ጸጽቡቑ ዝምነ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ቀጻሊ ናይ ተጻብኦ መንፈስ ንኽነብር ካብ ምድፍፋእ እንተዝቑጠቡ፡ ፍልጠቶምን ተመኵሮኦምን ትርጕም ክህሉዎ ምኸኣለ። ብሕቡራት ሃገራት ዝተወሰነ ፌደረሽን ብምፍራስ፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ ኣብ ትሕቲ ጕበጣ ኢትዮጵያ ዝኣተወ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝተመንዝዐ መሰሉ ክመልስ ዘካየዶ ብረታዊ ቃልሲ ኮነ ብቕልጽሙ ዘምጽኦ ናጽነት ብዘይ ዝኾነ ሕቶ ሕጋዊ'ዩ ነይሩ። እንተኾነ እቲ ኣርሒቑ ዝጥምት መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር፡ ንብረታዊ ቃልሲ ብኣንጻባራቒ ወተሃደራዊ ዓወት ስለዝፈጸሞ፡ ብኣህጉራዊ ሕጊ እውን ናጽነት ክእውጅ ዝእግዶ ነገር ከምዘየለ እናፈለጠ፡ ሽዑ ንሽዑ ረፈረንደም ከይገበረ ናጽነት ዘይምእዋጁ ሕጂ ተመሊስካ ክርአ እንከሎ ንህዝቢ ኤርትራ ጠቒሙዎ እዩ። ማሕበረሰብ ዓለም ዓዲሙ፡ ንተዓዘብቲ ብዘገረመ መልክዕ ናጻን ፍትሓውን ምርጫ ገይሩ ከብቅዕ፡ ክንድ'ዚ ዝኣክል መጥቃዕቲ ዝወረዶስ፡ ረፈረንደም እንተዘይገብር ነይሩ ድኣ ሎሚ እንታይ ኮን ምተባህለ ነይሩ? ፈጣሪ ጥራሕ'ዩ ክፈልጦ ዝኽእል። ልቦናኡን

ርሑቕ ጠመተኡን ከኣ በዚ'ዩ ዝገሃድ። ኣብ 1993 ህዝቢ ኤርትራ ዘካየዶ ኣደናቒ መስርሕ ረፈረንደም፡ ብዓይነቱ፡ ብመንፈሱን ውጽኢቱን ኣዝዩ ፍሉይ ምንባሩን ዓለምለኻዊ ኣድናቖት ምርካቡን ዘይተቐበሉዎ ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ (ነቶም ቅኑዓት ኣይተንከፍኩን) መልክዑ ንምድዋን ላዕልን ታሕትን ምባል ኣይገደፉን ጸኒሖም፣ ዝገድፉ'ውን ኣይመስሉን። ኩሉ'ቲ ብዛዕብኡ ክጽሓፍ ዝጸንሐ እከይ፡ ዘይሩ ዘይሩ፡ ኣብታ 'ናጽነትዶ ባርነት?' እትብል ሓረግ ዝጠቓለል እዩ። እዚ ኮነ ኢልካ መደብ ወጺኡዎ ክስረሓሉ ዝጸንሐ 'ፕሮጀክት መቐይሮ ታሪኽ' እዚ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ጽልግልግ ታሪኽ ንኽነብርን ብዝተማህዘ ታሪኽ ንኽወናወንን ክህውትትን ተባሂሉ ዝተወጠነ፡ ግናይ ሓሳብ እዩ። እዚ ሓሳብ'ዚ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ምድንጋርን ምህሳይን ሓሊፉ፡ ኣብ ህዝብታት ኤርትራን ዓለምን ዕዳጋ ክረክብ ኣይክእልን'ዩ። ብሰንኪ ምሁራኑ፡ ጸሓፍቱን ፖለቲከኛታቱን ዝምህዙዎን ዝኽሕዱዎን ታሪኽ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንዓመታት ኣብ ሓድሕድ ምንጃት ጥሒሉ ይርከብ።

ህዝቢ ኢትዮጵያ እምበኣር፡ ምስ ሕልናኡ መኺሩ ጥዑይ ዝሓስብን ካብ ዝጠሓሎ ዓዘቕቲ ድማ ስሒቡ ዘውጽኦን ምሁር ይደሊ ኣሎ። እዚ ክሳዕ ሕጂ ዝተራእየ ኢትዮጵያዊ ምሁር ግን ተስፋ ዘቑርጽ እዩ ዝመስል። ብቃላት ኣንዳርጋቸው ጽጌ (ነጻነትን የማያውቅ "ነጻ ኣውጪ" ስልጣኔ፡ ዴሞክራሲና ብልጽግና፣ የፖለቲካ ልሂቃኑ በዘመናዊት ኢትዮጵያ. 1997- ገጽ 28- 29) ናይዚ ዘመን ኢትዮጵያዊ ምሁር ነዚ ዝስዕብ ይመስል፤ ብሓፈሻ፡ እቲ ምሁር ብረሃጽን ደምን ህዝቢ ንዝተረኽበ ፍልጠትን ጥበብን ናይ ውልቁ ዋንነት ብምግባር ንህዝቢ ከም ዊንታኡ ንምግባር ዝመቸአ ዕድል ፈጢሩሉ ይርከብ . . . ብኣጠማምታይ ናይቲ ምሁር በይናዊ ልዕልናን እቲ ሎሚ ህዝብና ዝርከበሉ ዘሎ ዘሕፍር ናይ ድኽነት፡ ድንቊርና፡ ጥሜትን ዕርቃንን ህይወትን ተነጻጺሎም ዘይረኣዩ ጉዳያት ምዃን ካብ ዝጅምሩ ውዒሎም ሓዲሮም'ዮም። ስእነት ፍትሕን ሰላምን፡ ምጭፍላቕ መሰልን ምጭቋንን'ውን ከምኡ። እዚ ምሁር ኣብ ዝወዓለሉን ዝሓደረሉን ቦታ ገዲፉዎም ዝኸይድ ጭብጥታት፡ ዝተጠልሙ መብጽዓታት፡ ሃገራዊ ውርደት፡ ህልቂት ህዝብን ምጽልማት ተስፋን ኮይኖም ይርከቡ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ናይ ዝ ተ ሸ ኽ ለ ሎ ም መወዳእታ ዘይብሎም ሽግራት ወሃቢ መፍትሒ ክኸውን ዝግበኦ ዝነበረ እንኮ ሓይሊ፡ ንባዕሉ፡ ምስ ጊዜ፡ ርእሲ ኩሉ ሽግራትና ኮይኑ ተረኺበ። ንህዝቢ ምድሓንስ ይትረፍ፡ ንገዛእ ነብሱ'ውን ከድሕን ኣይከኣለን። ኣንዳርጋቸው ንኢትዮጵያዊ ምሁር፡ ንገዛእ ነብሱ ካብ ጥሜት፡ ድንቊርና፡ ሕማም፡ ውርደትን ግፍዕን ከድሕን ብዘይምኽኣሉ'ዩ ዝወቕሶ ዘሎ። ገዛእ ነብሱ ከልዕል ዘይምኽኣሉ ጥራሕ ዘይኮነ ግን፡ ታሪኽ ኢትዮጵያን ጐረባብታ ህዝብታትን ብምድዋን ነቲ ህዝቢ ኣደዳ ውሽጣዊ ሽግራትን ረጽሚ ምስ ጐረባብቱን ይገብሮ ብምህላዉ፡ ኣቶ

ኣንዳርጋቸው በዚ መዳይ'ውን ዝያዳ ጸቒጡ ከዘኻኽሮን ክወቕሶን ይግባእ ነይሩ። ረፈረንደም ኤርትራ 1993 ዝተኻየደሉ ታሪኻዊ እዋን ምስ ናይ ኣሽሓትን ኣማኢትን ታሪኻውያን ፍጻመታት ክነጻጸር ከሎ ናይ ትማሊ ዝኽሪ እዩ። እዚ ገና ምስቲ ዝተፈጸመሉ ግዜ ዝነበረ ሃገግትኡ፡ ድምጹ፡ መቐረቱ፡ ወዘተ ዘሎ ፍጻመ'ዚ፡ ዝወዓሉሉ ተሳተፍቲ ገና ብህይወት እናሃለዉ፡ እተን ናይ ነዊሕ ዓመታት ታሪኽና ዝጠማዝዛ ዘለዋ ብርዕታት ኣረኻኺበናሉ ንዕዘብ ኣለና።

እቶም ነዚ ናይ ቀረባ እዋን ፍጻመ፡ ዛዕባ ናይ ርሑቕ ዘመናት ከምስሉዎ ዝጽዕሩ ዘለዉ ኣካላት፡ ማዕረ ክንደይ ተዳልዮምሉ ከም ዘለዉ ዘርኢ ክውንነት እዩ። ብቕኑጽሪ ሒደት ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። እቲ ዘሕድሩዎ ጽልዋ ግን ሒደት ኣይከውንን። እንተኽኢሎም ንታሪኽና ከምዘይነበረ ክገብሩዎ፡ እንተዘይክኢሎም ድማ ክብርዙዎ ህርዲግ ምባል ኣይገደፉን። በዚ መንጽር'ዚ፡ ንሕና ኤርትራውያን ዕዮ ገዛና ክሳብ ክንደይ ከቢድ ከም ዝኾነ ዘነጽር ዓይኑ ዘፍጠጠ ሓቂ ኮይኑ ይርከብ ኣሎ። ነቲ ናይ ቀደም ታሪኽና፡ ናይ ትማሊ፡ ነቲ ናይ ትማሊ ድማ ናይ ሎሚ ፍጻመ ክንገብሮ ዘኽእለና ብርዕና ኣብ ኢድና እዩ ዘሎ'ሞ፡ ሃየ ንበገስ። ጽሑፈይ፡ ኮሎኔል ኣስናቀ እንግዳ (ሽክም የማይከብደው ሕዝብ) ኣብ ገጽ 288 ዝጸሓፉዎ ቃላት ብምጥቃስ ክዛዝም። ከምዚ ዝስዕብ ይብሉ፤ . . . ናብቲ ሴፍ ዝተመዘዘሉ መውሃቢ ድምጺ ነቑጣ ብኤርትራውነቶም ከይዶም ምፍንጫል ናይ ኤርትራ ተቓዊሞም ባርነት ኣብ ዝተባህለት ሳጹን ነታ ካርድ ምርጫ ዘእተዉ እንተነይሮም ናይ ክቡራን ክቡር፡ ናይ ለባማት ለባም፡ ኣርሒቕም ዝጥምቱ ቢትወደድ ኣስፍሃ ወልደሚካኤል ጥራሕ ነበሩ። ኮሎኔል ኣስናቀ ኣቐዲሞም ኤርትራውያን ብ 'መሳርያ ተገዲዶም' ዝበሉዎ፡ ለካ እቲ መሳርያ ሴፍ እዩ ነይሩ ዘብል'ዩ። እዞም ኮሎኔል ኣብ ሓንጎሎም ዝቐረጹዎ ዝተመዘዘ ሴፍ ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ጥራሕ ከይኣክል ቢትወደድ ኣስፍሃ ድምጾም ኣብ ዝሃቡሉ ኢትዮጵያ'ውን ካብ ሰገባኡ ተመዚዙ ነይሩ ማለት'ዩ። እሞ እቲ ሴፍ ደኣ ከመይ ኣቢሉ'ዩ ንቢትወደድ ኣስፍሃ ንበይኖም ዘየሰናበዶም? ብኸመይ ቢትወደድ ኣስፍሃ "ንናጽነት ኣይመርጽን'የ" ክብሉ ኣብቂዕዎም? እዞም ኮሎኔል፡ ንቢትወደድ ኣስፍሃ ወልደሚካኤል ብዝተፈላለየ ቅጽላት እንተ ኣማላኽዑዎም ኣየገርምን'ዩ፣ ምኽንያቱ ብመንጽር'ቲ ቢትወደድ ንኢትዮጵያ ዝወዓሉላ ውዕለት እንክረአ፡ እቶም ቅጽላት እንተ ዘይውሒዶምዎም ኣይበዝሑዎምን እዮም። ቢትወደድ ኣስፍሃ፡ ዝነበሮም ስልጣን (ካልኣይ መራሒ መንግስቲ ኤርትራ) ተጠቒሞም፡ ንሕልሚ ኤርትራውያን ብምጉሳይ ንጉስ ሃይለስላሰ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ከም ዊንታኦም ኢዶም ክመልሱን ፈደረሽን ንክፍርሱን ኩሉ ዝከኣል ዘበለ ካብ ዘመቻችኡ ኤርትራውያን፡ እቶም ቀንዲ እዮም ነይሮም። እዞም ቍጽሪ ሓደ ሕብረታዊ ዝነበሩን ብንጉስ ሃይለስላሰ 'ኤርትራዊ ኢትዮጵያዊ ዘይኰንካስ፡ ኢትዮጵያዊ

ኤርትራዊ’ ተባሂሎም ዝተጸውዑ ኣቦ፡ ዝተፈላለዩ ሰባት (እንተላይ ቤተሰቦም) ኣብ ረፈረንደም ኣይፋል ንናጽነት ከምዘድመጹ’ኳ ዝዛረቡ እንተነበሩ፡ ምርጫኦም ግን “እወ” ከምዝነበረ፡ ኣብቲ ምስ ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ ብ1996 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝገበሩዎ ቃለ-መሕትት ገሊጸም ነይሮም (ኣለምሰገድ ተስፋይ - ‘ኤርትራ፡ ካብ ፈደረሽን ናብ ጕበጣን ሰውራን 1956-1962’ ኣስመራ. ኣሕተምቲ ሕድሪ. 2016፡ ገጽ 669)።

ገለ ካብቲ ምስ ኣለምሰገድ ዝገበሩዎ ዕላል ከምዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ነበሮ፦

ደራሲ፡ ናይ መወዳእታ ሕቶ፡ ኣብ ረፈረንዱም “ኣይፋል” ኣድሚጽኩም ትብሃሉ ኢኹም። ነዚኣ ብኸመይ ትምልሱዋ?

ቢትወደድ፡ . . . ሓቂ ኽነግረካ። ነቲ ምፍላይ፡ ብፍላይ’ቲ ናይ ቊጠባ ኣይደልዮን፡ ኣይድግፎን። ህዝቢ ኤርትራ ተቓሊሱን መስዋእቲ ከፊሉን ንዘምጽኦ ናጽነት ‘ኣይግብኣካን’ ክብሎ ግን፡ መን ኮይነ እየ? ከምኡ ክብሎ ኣይክእልን።

ደራሲ፡ እሞ ኣይፋል ኣየድመጽኩምን ማለት ድዩ?

ቢትወደድ፡ ነታ ወረቐት ኣብታ ትግብኣ ቦታ ኣእትየያ።

ደራሲ፡ ኣይፋል ኣይኮነትን?

ቢትወደድ፡ ኣይፋል ኣይኮነትን።

ሓዳስ ኤርትራ 24 መስከረም - 2 ጥቅምቲ 2024